ኢፕድ
# ወጋሕታ
4ይ ዓመት ቑፅሪ 17 28 ለካቲት 2016 ዓ.ም
ሓሙስ
ብር 10.00

## መንግስቲ ጎንፂ ብዘይፈጥር መገዲ ተመዛቢልቲ ንምምላስ ይሰርሕ ከምዘሎ ተገሊፁ

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ብመሰረት ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ጎንፂ ብዘይፈጥርን ዘላቒ ሰላም ብዘምፅእን መገዲ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ንምምላስ መንግስቲ ይሰርሕ ከምዘሎ ሚኒስትር ምክልኻል ሃገር ኣብርሃም በላይ(ዶ/ር) ገሊፆም፡፡

ኣብርሃም በላይ(ዶ/ር) ንኢቲቪ መደብ ደሃይ ትግራይ ኣብ ዝነበሮም ቃለ መሕትት ከምዝገለፅዎ፣ ከመይ ኢልና ኢና ጎንፂ ከይፈጠርና ሰብኣውን ሕገመንግስታውን ህዝብና ነረጋግፅ ዝብል እቲ መሰረታዊ ሕቶ ኾይኑ ዝተቐመጠ 'ዩ ፤ ኣብቲ ቦታ ዘሎ ድሕንነት ንምርግጋፅ ኣብዚ ኸባቢ ዘሎ ዕጡቕ ሓይሊ ከፅሪ ፣ ከውፅእ ፣ ዕጥቂ ከፍትሕ መከላከያ ሓይልን ፌደራል ሓይልን ተወዲቡ ኣትዩ ከቆፃፀር ኣንፈት ኣቐሚጥና ኢና ኢሎም።

ዝተመዛበለ ህዝብና ብዝተወደበ መንገዲ ግዝያዊ ምምሕዳር ኣበይ ጣብያ ኣበይ ወረዳ ከምዝተመዘበለን ኣበይ ከምዝኣቱን ብዝተወደበ መገዲ ከምፅእ፤ ተቐቢሉ

መንግስቲ ጎንፂ...ገፅ 6



ኣብርሃም በላይ(ዶ/ር)

## ኣብ በልጊ ተጠቀምቲ ዝኾና ከባቢታት ትግራይ ናብ 15 ሽሕ ሄክታር ክልምዕ ተተሊሙ ይስራሕ ኣሎ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ብዝተፈላለዩ ፀገማት ዘጋጠመ ጉድለት ምህርቲ ሓደ ከም መምልኢ ብምውሳድ ኣብ በልጊ/ፅድያ ተጠቀምቲ ዝኾና ከባቢታት ትግራይ ናብ 15 ሽሕ ሄክታር ክነልምዕ ተሊምና ንሰርሕ ኣለና ክብሉ ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ዳይረሬክተር ኮሙኒኬሽን ኣይተ ምኪኤል ምሩፅ ገሊፆም።

ኣይተ ምክኤል ምሩፅ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነብሮም ፃንሒት ከምዝሓበርዎ፤ ከምዝፍለጥ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሰለስተ ዞባታት ዝነብረ ምቁራፅ ዝናብ፣ ውሕጅን ባልዕን ምኽንያት ጉድለት ምህርቲ ኣጋጢሙ 'ዩ። ስለዚ ስራሕቲ ሕርሻ ፅድያ ካብቲ ሐዚ ዘሎ ጉድለት ምህርቲ መዋፅኢ ክኸውን ካብ ዝሓዝናዮም ሓደ ኣንፈት ዩ ኢሎም።

ናይ በልጊ ተጠቀምቲ ዝኾና ከባቢታት ብፍላይ

ኣብ በልጊ ተጠቀምቲ... ገፅ 6



«ኢትዮጵያውያን ካብ ዓወት ካራ ማራ ተማሂሮም ንኢትዮጵያዊነት ከቐድሙን ሉኣላዊነት ሃገር ክሕልዉን ይግብኦም»

- ብርጋዴር ጀነራል ዋሲሁን ንጋቱ

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኢትዮጵያውያን ካብ ካራ ማራ ኾነ ኣብ ታሪኽ ካብ ዝተመዝገቡ ዓወታት ኣብ ክንዲ ኣፈላላይ

«ኢትዮጵያውያን... ገፅ 6

## ፕሮጀክት ገርዓልታ ካብ ረብሓ ቱሪዝም ብተወሳኺ ንመናእሰይ ስራሕ ዕድል ዝፈጥር 'ዩ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ብመንግስቲ ፌዴራል ዝህነፅን ኣካል «መኣዲ ንወለዶ» ዝኾነ ፕሮጀክት ገርዓልታ ሎጅ ኣብ ምንቅስቓስ ቱሪዝም ትግራይ ካብ ዝህልዎ ግደ ብተወሳኪ ንመንእሰይ እቲ ከባቢ ናይ ስራሕ ዕድል ከምዝፈጥር ኣብ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ዳይሬክተር ርክብ ህዝብን መንግስትን ወይዘሮ ኢትዮጵያ ሕሉፍ ገሊፂን።

ወ/ሮ ኢትዮጵያ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዘነበረን ፃንሒት ፤ «ፕሮጀክት ገርዓልታ ዓብይ ተረባሕነት ኣለዎ ኢልና ኢና ንሓስብ። ብፍላይ ነቲ ስራሕ ዘይብሉ መንእሰይ ዕድል ስራሕ ኣብ ምፍጣር እንትርአ፤ ዝተፈላለየ ኣብ ኮንስትራክሽን ዝሰርሕ መንእሰይ እቲ ከባቢ ናይ ዕድል ስራሕ ዝረኽበሉ ኩነታት ክፈጥር 'ዩ» ኢለን።

እዚ ስራሕ እንትጅምር ንልዕሊ ሓደ ሽሕ መንእሰይ ናይ ስራሕ ዕድል ክፈጥር 'ዩ ኢልና ኢና ንሓስብ ዝበላ ወ/ሮ ኢትዮጵያ፤ ኣብቲ ከባቢ ናይ ማይ ፀገም 'ውን ስለዘሎ፤ ነቲ ዝስራሕ ዘሎ ፕሮጀክት መበገሲ ገይሩ ዝስራሕ ኣዕቲ ማይ ንማሕበረሰብ እቲ ከባቢ 'ውን ተረባሒ ክገብሮ 'ዩ። ናይ መስኖ ሸፋን 'ውን ስለዝሰርሕ ናይ ኢኮኖሚያዊ ተረባሒ ክኸውን 'ዩ ክብላ ኣብሪሀን።

ፕሮጀክት ገርዓልታ ...ገፅ 6



ክብርትታት ዓወት ዓድዋ
ንሓድነትናን ፍቅርናን

ገፅ 4

‹‹ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ብምፍራሙ እንተናኣሰ ተኹሲ ጠጠው ኢሉ ፤ ህዝቢ ትግራይ ናይ ሰላም ንፋስ ክረክብ ዕድል ፈጢሩ 'ዩ››

- ኣብርሃም በላይ(ዶ/ር)
ሚኒስትር ምክልኻል ሃገር

ገፅ 5

# ዑደት ቀዳማይ ሚኒስትር ምስተን ሃገራት ንዝነበረ ምትእስሳር ዘጠናኸረ ‘ዩ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ኬንያን ታንዛኒያን ዝገበርዎ ዑደት እተን ሃገራት ኣብ ኢኮኖሚ፣ ቐረብ ሓይልን ዞባዊ ድሕንነትን ንዘለወን ርክብ ብዝበለፀ ዘጠናኸር ምዃኑ ቤት ፅሕፈት ቀዳማይ ሚኒስትር ገሊፁ።

ሓላፊት ፕረስ ሴክሬታሪያ ቤት ፅሕፈት ቀዳማይ ሚኒስትር ቢልለኔ ስዩም ኣብ ዝሃብኦ መብርሂ፤ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ኬንያን ታንዛኒያን ዝገበርዎ ዑደት እተን ሃገራት ኣብ ኢኮኖሚ፣ ቐረብ ሓይልን ዞባዊ ድሕንነትን ንዘለወን ርክብ ብዝበለፀ ዘጠናኸር ‘ዩ። እቲ ዑደት ኣብ መንጎ እተን ሃገራት ንዝነበረ ታሪኻዊ ምትእስሳር ዘዕብይ ‘ዩ።

ኣብ ኬንያ ኽልቲኣዊ ዘተ ከምዝተገበረ ዘልዐላ እተን ሓላፊት፤ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ምስ ፕሬዝዳንት እታ ሃገር ምስ ዝገበርዎ ኽልቲኣዊ ዘተ ጎናጎኒ ሚኒስትራትን ምስ መዘናታቶም ዘተ ከምዘሳለጡ ጠቒሰን።

እቲ ዘተ ኬንያን ኢትዮጵያን ንዝነበረን ዝፀንሐ ምትእስሳርን ርክብን ከምዘጠናኽር ብምዝራብ፤ ብፍላይ ፕሬዝዳንት ኬንያ ሓዱሽ ተመራፂ ምስ ምዃኖም ተተሓሒዙ ኣብ መንጎ መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ንዘሎ ርክብ ንምጥንኻር ዝሕግዝ ዑደት ምዃኑ ኣልዒለን።

ኣብ መንጎ ኬንያን ኢትዮጵያን ስምምዕነት ቐረብ ሓይሊ ከምዘሎ ሓቢረን፤ ነዚ ስምምዕነት ፍረ ዘለዎ ንምግባር ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ካብ ኢትዮጵያ ናብ ኬንያ ቐረብ ሓይሊ ኣብ ዝግበረሉ መስመር ዑደት ከምዝገበሩ ተዛሪበን።

ከም ገለፃ ቢልለኔ፤ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይን ፕሬዝዳንት ሩቶን ኣብ ኽልቲኣዊ ዘተኦም ካብ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ጀሚሩ ሕዚ ክሳብ ዘለዉ እዋናዊ ኩነታት



ቢልለኔ ስዩም

ዘትዮም። በዚ ‘ውን ኣብቲ ዞባ ሰላምን ድሕንነትን ሓባራዊ ልምዓትን ኣብ ምጉልባት ብዙሓት ነጥብታት ኣልዒሎም።ብዝበለፀ ኣጠናኺሮም ክሰርሑ ኣብ ዝኽእሉሎም ዓውድታት ‘ውን ኣብ ምርድዳእ በፂሖም ኢለን።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ኬንያ ዝነበሮም ዑደት እንትዛሙ ናብ ታንዛኒያ ዳሬሰላም ከምዝኸዱ ዝገለፃ ቢልለኔ፤ ናብታ ሃገር ዝኸዱ ‘ውን ብመሰረት ሕቶ ዑደት ፕሬዝዳንት ሳኒያ ሱሁሉ ከምዝኾነ ተዛሪበን።

ፕሬዝዳንት ሳኒያ ሱሁሉ ምስ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ ካብ ዝገበርኦ ኽልቲኣዊ ዘተ ብተወሳኺ ምስቲ ጉጅለ ልኡኽ ከምዝዘተያ ገሊፀን።በቶም ዝተገበሩ ዘተታት ‘ውን ታንዛኒያን ኢትዮጵያን ታሪኻዊ ምትእስሳረን ንምጥንኻር ተረዳዲኦም ኢለን።

ኣብ ሓደ እዋን ሓይሊ ኣየር ታንዛኒያ እንትድፈር ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ እናተኸላኸለሉ ከምዝነበረ ንኣብነት ብምልዓል፤ ኣብ ፓንኣፍሪካኒዝም ዘለወን ምትእስሳር ‘ውን ካብ ጁሊየስ ኔሬሬን ሃፀይ ሃይለስላሴን ከምዝጅምር ኣገንዚበን። እዚ ‘ውን ንኽልቲአን ሃገራት ፍረ ዘለዎ ርክብ ንኽህልወን መሰረት ዘንበረ ‘ዩ ኢለን።ኣብዚ ሕዚ እዋን ‘ውን ኢትዮጵያን ታንዛኒያን ብንግዲ ዝተኣሳሰራ ምዃነን ጠቒሰን።

ኢትዮጵያ ምስ ትሰርሖም ስራሕቲ መመሓየሺ ኢኮኖሚ ታንዛኒያ ዝተፈለየ ቕርበት ከምዘለዋ ጠቒሰን፤ ንኣብነት ‘ውን ክልቲአን ሃገራት ኣብ ስራሕቲ መመሓየሺ ግብርና፣ መዓድን፣ ቱሪዝምን ኻልኦት ዘፈራትን ዝህብኦ ጠመተ ከምዘመሳስለን ተዛሪበን።

ፕሬዚዳንት ሳኒያ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ንምርግጋእ እቲ ዞባ ዝገብርዎ ኣበርክቶ ኣልዒለን ኣፍልጦ ምሃበን ‘ውን ቢልለኔ ሓቢረን። ብተወሳኺ ‘ውን እተን ፕሬዝዳንት ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ንምዕባይ ንዝገብርዎ ፃዕሪ ኣድኒቐን ኢለን።ኣብ ሓምለዋይ ዓሻራ ብሓባር ንምስራሕ ‘ውን ከምዝዘተዩ እተን ሓላፊት ገሊፀን።ንርክባት ብዝበለፀ ንምስላጥ ድሕሪ እቲ ዘተ መረዳድኢ ሰነዳት ከምዝተፈራረሙ ኣፍሊጠን።

ብመንፅር ባህልን ስነ-ጥበብን ንዓለም ለኻዊ ኢንዱስትሪ ፊልም ንምስሓብ፤ ኣብ ዘፈር ግብርና ብፍላይ ‘ውን ኣብ ዘፈር ውፅኢታት ኣይሲቲ ነቲ ዘፈር ብዝሕግዝሉ ኣግባብን ሙቐት ምፅዋር ኣብ ዝኽእሉ ፍርያታት ስርናይ ከምኡ ‘ውን ኣብ ዘፈር ቐረብን መሸጣን ሓይሊ መረዳድኢ ስምምዕነት ከምዝተፈረመ ቢልለኔ ኣፍሊጠን።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ ብሕልፈት ነበር ፕሬዝዳንት ታንዛኒያ ኣሊ ሁሴን ዝተሰምዖም ሓዘን ንፕሬዝዳንት ሳኒያን ንመላእ ህዝቢ ታንዛኒያ ኣመሓላሊፎም።

# ኣብ ከተማ መቐለ ካብ ዝተወረረ መሬት ልዕሊ 127 ሄክታር ናብ ባንኪ መሬት ኣታዊ ኮይኑ

ኣብ ከተማ መቐለ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ካብ ዝተወረረ 245 ሄክታር መሬት ዛጊድ ልዕሊ 127 ሄክታር ናብ ባንኪ መሬት ኣታዊ ከም ዝተገበረ ቤት ፅሕፈት ኣጠቓቕማን ምሕደራ መሬትን ከተማ መቐለ ኣፍሊጡ።

እዚ ዝተገለፀ ኣፈፃፅማ መደባት ፍርቂ ዓመት 2016 ዓ/ም እቲ ቤት ፅዮ ኣብ ዝተገምገመሉ እዋን እንትኾን፤ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኣጠቓቕማን ምሕደራ መሬትን ከተማ መቐለ ኣይተ ገ/ሚካኤል እኑን ከም ዝበልዎ፣ ካብ ከተማ ክሳብ ጣብያ ሓይሊ ዕማም ብምጥያሽ መሬት ብኣግባቡ ዝምርሐሉን ዝመሓደረሉን መስርሕ ከም ዝተተግበረ ገሊፆም።

ሓይሊ ዕማም ከተማ መቐለ ኣብ ዝገበሮ መፅናዕቲ 5 ሽሕን 416 ሰባት ዝተሳተፍሉ 245 ሄክታር መሬት ብዘይሕጋዊ መንገዲ ከም ዝተወረረ ዝተረጋገፀ እንትኮን ካብዚ 187.175 ሄክታር መሬት ዝተመለሰ ኮይኑ ዛጊድ 127.3114 ሄክታር ናብ ባንኺ መሬት ኣታዊ ከም ዝተገበረ ገሊፆም።

ሓይሊ ዕማም ከተማ መቐለ ዝወሰዶ ዘሎ ስጉምቲ ኣብ ፍፁም ምትእምማን፣ ሕግን ስርዓትን ማእኸል ዝገበረ ‘ዩ ዝበሉ ኣይተ ገ/ሚካኤል እኑን 43 ሰባት ድማ ናብ ሕጊ ተመሪሖ ፀረ ሙስና ኮሚሽን ዝሓዞም ከም ዘለዉ ገሊፆም።

ብኻልእ መዳይ መረዳእታ መሬት ብዝምልከት 90 ሽሕን 576 ፋይላት ብምፅራይ ናብ መሬት ምድላው ከም ዝተኣተወ ዝገለፁ እቶም ሓላፊ ቤት ፅሕፈት፣ 323 ናይ ሊዝ ቦታታት ሓዊሱ ንዝተፈላለየ ግልጋሎት ዝዉዕሉ ቦታታት ብምድላው ናብ ተግባር ከም ዝተኣተወ ገሊፆም።

ካብ መሸጣ ሰነድ ሊዝ 64 ሚልዮን ብር ኣታዊ ዝተረከበ እንትኾን ካብዚ ብር 50 ሚልዮን ንምክልካል ሓደጋ ድርቂ ከምኡ’ውን ብር 20 ሚልዮን ንሆስፒታላት ዓይደርን መቐለን ብድምር ብር 70 ሚልዮን ምምሕዳር ከተማ መቐለ ከም ዘበርከተ ኣብሪሆም።

ከንቲባ ከተማ መቐለ ኣይተ ይትባረክ ኣምሃ ብወገኖም፤ሓይሊ ዕማም ከተማ መቐለ ኣብ መዳይ ዘይሕጋዊ ህንፀትን ዉራ መሬትን ዝተጀመረ ስራሕቲ ኣጠናኪሩ ከም ዝቅፅለሉ ተዛሪቦም። ኣብ ዘይሕጋዊ ተግባራት ዝተጀመሩ ስጉምቲ ፈፂሞም ኣይቋረፁን ዝበሉ ኣይተ ይትባረክ ኣምሃ ህዝቢ ዘርእዮ ዘሎ ኩለመዳይ ደገፍን ክትትልን ኣጠናኪሩ ክቅፅሉ ፀዊዖም።

ኣብ ክሊ ምክባር ሕጊ ሰፋሕቲ ፈተናታት ከምዘሎ ግልፂ ‘ዩ ዝበሉ እቶም ከንቲባ ፣ ስጉምትና ንኩሉ ዘይሕጋዊ ማእከል ዝገበረ ክሳብ ዝኾነ ንድሕሪት እንብለሉ ምክንያት የለን ኢሎም።

ንኢንቨስትመንት ተባሂሉ ዝተዓደሉ ብርክት ዝበሉ ዘይለምዑ ቦታታት ብዝምልከት መፅናዕቲ ተዛዚሙ ምስ ሰብ ሃፍቲ ከተማ መቐለ ብምዝታይ መሰረታዊ ለዉጢ ንምምፃእ እናተሰርሐ ከም ዘሎ ገሊፆም። ካብ ገፀር ናብ ከተማ ዝኣተዋ ጣብያታት LDP ክትግበር፣ መጠሻን ካሕሳን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ብዘዉፅኦ መምርሒ መሰረት ፍታሕ ንምሃብ ብትኹረት ይስራሕ ከም ዘሎ ከንቲባ ከንቲባ ከተማ መቐለ ኣይተ ይትባረክ ኣምሃ ገሊፆም።

ተሳተፍቲ እቲ መድረኽ ብግደኦም ምምሕዳር ከተማ መቐለ ኣብ መዳይ ምሕደራ መሬት ዝጀመሮም ፅቡቓት ስራሕቲ ብምጥንካር ልእኽቶ ሓይሊ ዕማም ንምትዕንቃፍ ብዉዳበ ይኹን ብዉልቐ ዝንቀሳቀሱ ኣካላት ኣደብ ኣብ ምትሓዝ ብትኹረት ክሰርሕ ኣተሓሳሲቦም ክብል ሓበሬታን ርክብን ከተማ መቐለ ከምዝገለፀ ካብ ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመልክት፡፡

# ኣብቲ እግዚብሽን ኢትዮጵያ ብሄራዊ ረብሓኣ ኣኺቢራ ንምዝላቕ ዝገበረቶ ጉዕዞ ዲፕሎማሲ ተራእዩሉ ‘ዩ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ናይ ዲፕሎማሲ ሰሙን ኤግዚብሽን ርክብ ኽልተ ሃገራት ንምጥንኻር ብሄራዊ ጥቕማ ኣኽቢራ ንምዝላቕ ዝገበረቶ ጉዕዞ ዲፕሎማሲ ምርኣይ ከምዝኻኽኣለ ሚኒስቴር ጉዳይ ወፃኢ ኣፍሊጡ።

ሰሙን ዲፕሎማሲ ምዝዛሙ ኣመልኪቱ ሚኒስትር ዴኤታ ጉዳይ ወፃኢ ብርቱኳን ኣያኖ ኣብ ዝሃብኦ መግለፂ ፤ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ንብዙሕ ዘመናት ዘቑፀረ ‘ዩ።እዚ መልዓሊ ብምግባር ‹‹ ሰሙን ዲፕሎማሲ›› ብዝብል ርእስን ‹‹ዲፕማሲና ንብሄራዊ ረብሓና ›› ብዝብል ቴማ ካብ ኽልተ ጥሪ 2016 ዓ.ም ጀሚሩ እናተኻየደ ዝፀንሐ ኤግዚብሽን ንተኸታታሊ 48 መዓልቲታት ክፍቲ ኾይኑ ፀኒሑ ብዓወት ከምዝተዛዘመ ተዛሪበን።ካብዚ ዲፕሎማሲ ኤግዚብሽን ሰሙን ድማ ብዙሓት ውፅኢት ተረኺቡ ‘ዩ።

ኢትዮጵያ ርክባታ ብምስፋሕ ብሄራዊ ረብሓኣ ኣኺቢራ ንምዝላቕ ዝገበረቶ ነዊሕ ጉዕዞ ዲፕሎማሲ ኣብ ሰሙን ዲፕሎማሲ ብኤግዚብሽን ቀሪቡ ‘ዩ ኢለን።እቲ ኤግዚብሽን ካብ ዝተጀመረ ጀሚሩ ብዙሓት ሃገር ውሽጥን ናይ ወፃኢ ሃገር ዑደተኛታት ከምዝራኣይዎ ዝገለፃ ኣምባሳደር ብርቱኳን፤ 639 ትካላት ልዕሊ 250ሽሕ ዜጋታት ከምዝራኣይዎ ገሊፀን።እዚ ድማ እቲ ኤግዚብሽን ብውፅኢት ከምዝተዛዘመ ዘርእይ ‘ዩ ኢለን።

ኢትዮጵያ ካብ ቐደምን ማእኸላይን ዘመን ዝነበራ ርክብ ዲፕሎማሲ ምምዝጋብ ተኻኢሉ ‘ዩ ዝበላ እተን ኣምባሳደር፤ ካብ 116 ዓመታት ጀሚሩ ዘመናዊ ናይ ኢትዮጵያ ዲፕሎማሲ ስራሕቲ ተራእዩ ‘ዩ።ኢትዮጵያ ባዓል ብዙሕ ወገን ዲፕሎማሲ ብዓለምለኸ ትካላት መስራቲት ብምዃና ንፀለምቲ



ኣምባሳደር ብርቱኳን ኣያኖ

ህዝብታት ፍትሕን ማዕርነት ንክመፅእ ዝነበራ ዲፕሎማስያዊ ፃዕርታት ዘቐመጠቶም ዓሻራ ተዘኪሮም ‘ዮም ።

ኣብ ድሮ ለውጢ ብፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ለውጥታት ተገይሮም ‘ዮም ዝበላ እተን ኣምባሳደር ፤ ዲፕሎማሲና መሰረት ዝገበረ ናይ ዜጋታት ተረባሕነት ንምርግጋፅ ፣ ንጎረቤት ሃገራት ቐድሚያ ምሃብ ፣ ዞባዊ ምትእስሳር ምጥንኻር ንኣፍሪካዊ ፀገማት ኣፍሪካዊ ፍታሕ ተግባራዊ ንምግባር ምዃኑ ገሊፀን ‘የን።ትካል ሕቡራት መንግስታት ቤት ምኽሪ ፀጥታ ኣሰራርሓ ኣወዳድባ ንክመሓየሽ ኣስተዋፅኦ ገይራ ‘ያ ኢለን።

ሰሙን ዲፕሎማሲ እቲ ኤግዚብሽን ንኽሳኻዕ ብዙሓት ትካላትን ውልቀሰባትን ዓብይ ኣበርክቶ ዝነበሮም እንትኾን ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣመራርሓን ባዓል ሞያታትን እቲ ኤግዚብሽን ተጀሚሩ ንምርኢት ክፍቲ ክሳብ ዝኾን ዓብይ ግደ ተፃዊቶም ‘ዮም።እቲ ኤግዚብሽን ብዝተፈላለዩ ዲዛይን ሰሓብን ማራኺን ብዝኾነ መልክዑ ንዑደተኛታት ንክበፅሕ ለይትን ቐትርን ዝሰርሑ ብምዃኖም ምስጋና ኣቕሪበን ‘የን።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## «ንደቂ ኣነስትዮ ነብቅዕ፤ልምዓትን ሰላምን ነረጋግፅ»

በቢ ዓመቱ ዝኽበር በዓል ደቂ ኣንስትዮ(ማርች8) ዋና ዕላማ ንደቂ ኣንስትዮ ኩል ግዜ ተዋሂብዎንን ትኹረት ተገይሩለን ኩለመዳዊ ፀገመን ንክፍታት ፖሊሲ ኣውፃእትን መንግስታትን ረብሓን መሰልን ደቂ ኣነስትዮ ንክኽብሩ፤እቲ ካሊእ ሕብረተሰብ ድማ ባህላዊን ማሕበራዊን ወፅዓ ከይገብረለን ንምዝኽኻር'ዩ።

ኣብ ዓለም ቅድሚ 113 ዓመት ኣትሒዙ መሰል ደቂ ኣነስትዮ ንክኽበር ዓብይ ቓልሲ ተኻይዱ'ዩ።ንማዕረ ክፍሊት፣ፖለቲካዊን ሰብኣዊን መሰል ንምኽባር ፣ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣንን መረፃን ተሳታፊ ንምኳን...ወዘተ ዓበይቲ ቓልስታት ተኻይዶም'ዮም።በዚ ድማ ዓወታትን ለውጥታትን ዋላ ይረኸቡ ሐዚ'ውን ግና ዝቐሪ ስራሕቲ ኣሎ።

ዓለም ብፍላይ ኣብ እዋን ጎንፂ ንደቂ ኣነስትዮን ህፃናትን ዝያዳ ትጉድእ፣ሰላም እንትኾን ድማ ዋላ ኹሉ ተጠቃሚ ይኹን ደቂ ኣነስትዮ ዝያዳ ተጠቀምቲ'የን።ስለዚ ሰላም ምፍጣር ኣብኡ እነሃለው ንደቂ ኣንስትዮ ምቹው ኹነታት ምፍጣርን ዝተረጋግዐ ህይወት ንክህልወን ምግባር'ዩ።እዚ ድማ ካብ ኣሕዋተን በዓል ገዘኣን ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ ትፅቢት ዝግበር ስራሕ'ዩ።ደቂ ተባዕትዮ ንሓፍቶም፣ በዓልቲ ገዛኦምን ደቆም ክሓልዩን ክሕልውን ከብቅዑን ድማ ይግባእ።

ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ንረብሐአንን መሰለንን ይቃለሳ'የን። ኮይኑ ድሕሪ ዓወት ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣን እኹል ተሳትፎ ኣይነበረንን።ኣብ ስልጣን ዝነበረ ሓይሊ ንውሑዳት'ምበር ንሓፋሽ ህዝቢ ብፍላይ ድማ ንደቂ ኣነስትዮ ዝረብሕ ስራሕ ብዘይ ምስርሑ ደቂ ኣነስትዮ ትግራይ ነዊሕ መንገዲ ተጓዒዘን ማይ ንክቐድሓ፣እህሊ ንከጥሕና፣ዕንፀይቲ ንከኣርያ ተገዲደን'የን። ኣብ ቀረባ ድማ ንዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ኣብ ዝነበረ ኹናት ዝበለፀ ዝተጎድኣን ዝተመዛበላን ደቂ ኣነስትዮ'የን።ዓብይ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉድኣት በፂሒዎን 'ዩ።ሐዚ ድማ እቲ ኹሉ ፀገም ሓሊፉ ኣብ እዋን ሰላም ይርከባ።እዚ ሰላም ውሑስ ንክኸውን ልምዓት ንክረጋገፅን ድማ ኩሉ ክሰርሕ ኣለዎ።ግደ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ዕዙዝ'ዩ።

ኣብ ትግራይ ዝነበረ ኹናት ብዙሕ ጉድኣት ኣብፅሒኡ ኣሎ።ካብ ተመዛባልቲ እተን ዝበዝሓ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን 'የን።ካብዚ ምርዳእ ዝከኣል ኣብ እዋን ኹናት ከቢድ ጉድኣት ዝበፅሖን ከምዝኾነ'ዩ።ደቂ ኣነስትዮ ትግራይ ኹናት ክንደየናይ መዕነዊ ምኳኑ በተደጋጋሚ ሪአን ኣለዋ።ስለዚ ድሕሪ ሐዚ ንሰላምን ልምዓትን ክሰርሓ ይግባእ።እቲ ስምምዕነት ሰላም ዕውት ክኸውንን ሙሉእ ንሙሉእ ንክፈፀምም ኣበርቲዐን ክሰርሓ ኣለዎን።

መላእ ህዝቢ ትግራይን ብፍላይ ድማ ደቂ ኣነስትዮ ድሕሪ ሐዚ ኹናት ከይድገምን ናብ ካሊእ ኹናት ከይእተውን ክሰርሓን ፅዕንቶ ክሕድራን ኣለወን።ደቂ ተባዕትዮ ፖለቲካኛታት 'ውን ኹናት ክደየናይ ኣዕናዊ ከምዝኾነ ተረዲኦም ንሰላም ቀዳምነት ብምሃብ ፀገም ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምቅላልን ምፍታሕን እጃምኩም ክትዋፅኡ ግድን ይኸውን።

ኣብ ሐዚ እዋን ብመሰረት ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ኣብ ትግራይ ኣንፃራዊ ሰላም ኣሎ።እዚ ሰላም ዋላኳ ድሕሪ ብዙሕ ሰብኣዊ ኺሳራን ዕንወት ዝመፅአ እንትኾነ ንመላእ ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ድማ ንደቂ ኣነስትዮ ዓብይ ራህዋን ቅሳትን ፈጢሩ ኣሎ።

ብመሰረት እቲ ስምምዕነት ሰላም ብወገን መንግስቲ ፌደራል ዘድሊ ሰብኣዊ ሓገዝ፣ናውቲ ሕክምናን መድሓኒት ብዘይ ዓይቀፍቀፍ ንከኣቱ ብምግባር ፀገም ህዝቢ ትግራይ ብሓፈሻ ፤ብፍላይ ድማ ፀገም ደቂ ኣንስትዮ እናቃለለ ይርከብ።ካልኦት መሰረታዊ ግልጋሎታት ብምጅማሮም'ውን ኹናት ፈጢርዎ ዝነበረ ማህሰይትን ስነ ልቦናዊ ፀቕጢ ንክቃለል ሓገዙ'ዩ።እቲ ዝተረፈ'ውን እቲ ስምምዕነት ሰላም ሙሉእ ንሙሉእ እናተተግበረ እንትኸድ እናተፈትሐን እናተቓለለን ከምዝኸይድ ምርዳእ ይከኣል።ስለዚ ደቂ ኣነስትዮ ትግራይ ንትፈፃምነት ስምምዕነት ሰላም ክሰርሓ ኣለዎን።

ሰላም ንኹሉ ዝጠቅም እንተኾነ'ውን ንደቂ ኣነስትዮ ግና ዝያደ ጠቓሚ ስለዝኾነ እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ከይዲ ሰላም ሙሉ ንክኸውን ኩሉ ክረባረብን ክሰርሕን ይግባእ።ብፍላይ ድማ ደቂ ኣነስትዮ ትግራይ ካብ ሰላም ዝበለፀ ተረባሕቲ ስለዝኾና እቲ ስምምዕነት ሰላም ሙሉእ ንሙሉእ ተተጊቢሩ ኣብ ትግራይ ዘላቂ ሰላም ንክፍጠርን ዳግመ ሕውየት ትግራይ ዕውት ንክኸውን እጃመን ከበርክታ ይግባእ።

ናይ ሎሚ ዘበን በዓል በዓለም ደረጃ ን113 ግዜ ብሃገርና ድማ ንመበል 48 ግዜ «ንደቂ ኣነስትዮ ነብቅዕ፤ልምዓትን ሰላምን ነረጋግፅ» ብዝብል ቴማ ዝኸበር እንትኾን ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሑ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ጠጠው ንክብሉ ፖለቲካዊ፣ኢኮኖሚያዊን ማህበራዊን ተጠቃሚነት ንምርግጋፅ ኩላትን ሓላፍነትና ብምውፃእ ክኸውን ስለዝግብኦ ንዚ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ብምቃዕን፤ሰላምን ልምዓትን ብምርግጋፅ ክኸውን ኣለዎ።


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፦ epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቓዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋም ኣይኮኑን።

## ደቂ ኣንስትዮ- ዓምዲ ሰላምን ህንፀትን ሃገር

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ኽሳድና ኣቕኒዕና ክንኸይድ ዝገበራ ጀጋኑ ደቂ ኣንስትዮ ከምዘለዋ ዝፍለጥ 'ዩ። ሐዚ 'ውን ሃገር ብብቕዓት እናመርሓ ኹርዓት ሃገር ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ኣለዋ 'የን ። ንኣንፃሩ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ብምኳነን ጥራሕ ተፈጥራውን ኸባቢኣንን ፅዕንቶታት ዝበዝሖን ደቂ ኣንስትዮ ዉሑዳት ኣይኮናን።

እዚ ፅዕንቶ ድማ በሓደ ግዜ ዝቕረፍ ኣይኮነን ምኽንያቱም ዝፀንሖን መልክዑ እናቐያየር ብዝተፈላላየ መንገዲ ዝፍጠርን እዩ። እዚ ንምቕያር ላዕለን ታሕትን ዝብላ ደቂ ኣንስትዮ ብዙሓት 'የን። በቢ ዓመቱ ዝኽበር መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ሓደ ናይ ወፅዓ ደቂ ኣንስትዮ ውፅኢት 'ዩ።

ደቂ ኣንስትዮ መሰረት ህንፀት ሃገር 'የን እንተበልና ዝተጋነነ ኣይኮነን። ሃገር ዘመሓድር ወለዶ ንምፍጣር መልዓሊኡ ስድራቤት 'ዩ። ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ድማ ደቂ ኣንስትዮ ዓብይ ግደ ኣለዎን። ብተዘዋዋሪ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ኣወንታዊ ዝኾነ ፅዕንቶ እንድሕር ፈጢርና ሃገር ምቅናዕን ምህናፅን ማለት 'ዩ፤ ብተቃራኒኡ እንድሕር ኾይኑ ድማ ከም ሃገር ዘብፀሖ ፅልዋ ቀሊል ኣይኮነን።

በቢ ዓመቱ እነብዕሎ ማርች 8 በዓል ጥራሕ ምኽባር እንተይኾነስ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ተጠቃምነት ናይ ባዕሉ ዝኾነ ኣወንታዊ ፅዕንቶ ዘሕድር ክኾን ይግባእ። ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ድማ ኣብ መሪሕነት ዘለዎን ተሳትፎ ልዑል ንክኸውን ከም ሓደ ቅዋም ሒዙ 'ዩ መንግስቲ ክንቀሳቐስ ዘለዎ። ኣብ ታሕቲ ብምውራድ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምንታይ ኩነታት ከምዘለዎ ምፅናዕ ይግባእ። ደቂ ኣንስትዮ ዘይብሉ ዕብየት ሃገር ክረጋገፅ ኣይኽእልን። እዚ ንምርግጋፅ ድማ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዓብይ ትኹረት ተገይሩ ክስራሕ ኣለዎ። እዚ ክመፅእ ዝኽእል ድማ ካብ ካልኦት ብምፅባይ ጥራሕ እንተይኾነስ ፣ደቂ ኣንስትዮ ባዕለን'ውን ተለዓዒለን ዘለዎን ዓቕሚ ፣ ክእለት ተወፋይነት ተጠቒመን ተበፃሕነት ንክሰፍሕ ክሰርሓ ኣለዎን። ኹላትና'ውን በቢ ዘለናዮ ክንፅዕር ኣለና።

ደቂ ኣንስትዮ ተሳትፎ ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ ወሰንቲ ዝኾን ቦታታት 'ውን ብዓርሰ እምነት ዝውስናሉ ቦታ ክቕመጣ ኣለወን። ኸዚ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ እናተሰርሐ ዘሎ ስራሕ ፅቡቕ እንተኾነ 'ውን እኹል'ዩ ኢልና ግና ክወስዶ ስለዘይንኽእል ናይ ባዕለን ተሳትፎ ግድን 'ዩ። ኣብዚ ሐዚ ኣብ ሃገርና እንተሪእና ኣብዝሓ ደቂ ኣንስትዮ ዝግበአን ቦታ ኣይኾናን ዘለዋ። ኣብ ተግባር እንድሕር ዘይተኻኢሉ ግና ብማዕርነት ግና ምስታፍ ክኸእላ ኣለወን። ኣብ ፖለቲካ ይኹን ማሕበራዊ ኩነታት ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ክረጋገፅ ኣለዎ። ደቂ ኣንስትዮ ፀገም እንድሕር ተፈጢሩ ብቀዳሚት ዝጥቀዓ ንሰን ስለዝኾና።

ግደ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝኾነ ቦታ ዕዙዝ 'ዩ። ብኡኡ ልክዕ ድማ ንጉድኣትን ፀገምን ብቐሊሉ ዝቃላዓ 'የን ። ኣብ ዝኾነ እዋን ኹናት እንትላዓል ቀዲሙ ጉድኣት ዝበፅሕ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ 'ዩ። ካብ ተመዛባልቲ 'ኳ እንተሪእና እቶም ዝበዝሓ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን 'ዮም። ካብዚ ምርዳእ ዝከኣል ኣብ እዋን ኹናት ከቢድ ጉድኣት ዝበፅሖን ከምዝኾነ 'ዩ። ንደቂ ኣነስትዮ ኹናት ክንደየናይ ኸቢድ ምኳኑ በተደጋጋሚ ሪእና ኢና። ስለዚ ንሰላም ትኹረት ገይረን ክሰርሓ ይግባእ ውፅኢቱ ድማ ንባዕልና ስለዝኾነ ።

እዚ ኸዚ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም ዋላኳ ድሕሪ ብዙሕ ሰብኣዊ ኺሳራን ዕንወት ዝመፅአ እንትኾነ ንመላእ ህዝቢ ብፍላይ ድማ ንደቂ ኣነስትዮ ዓብይ ራህዋን ቅሳትን ፈጢሩ 'ዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ቆልዑ ሒዞን ካብ መረበተን ርሒቐን ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ትኹረት ክዋሃበን ይግባእ። እዚ ድማ እቲ ቓልሲ ዝጅምር ደቂ ኣንስትዮ ባዕለን ትኹረት ገይረን ተሳትፎ ብምግባርን 'ዩ። ብፍላይ ድማ እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ሰላም ዘላቒ ንክኾን ደቂ ኣንስትዮ ንትፈፃምነት ስምምዕነት ሰላም ክሰርሓ ኣለዎን። ብሓፈሻ ሰላም ንኹሉ ዝጠቅም እንተኾነ'ውን ንደቂ ኣነስትዮ ግና ዝያደ ጠቓሚ ስለዝኾነ እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ከይዲ ሰላም ኣብ ተግባራውነቱ ዓብይ ትኹረት ይግባእ።

ብፍላይ ድማ ግዳይ ኹናት ዝነበራ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ካብ ሰላም ዝበለፀ ተረባሕቲ ስለዝኾና እቲ ስምምዕነት ሰላም ሙሉእ ንሙሉእ ተግባራዊ ኾይኑ ኣብ ትግራይ ዘላቂ ሰላም ንክፍጠርን ዳግመ ሕውየት ትግራይ ተጠናኺሩ ንክቕፅል ናይ ኹሉ ርብርብ ዘድሊ እንተኾነ 'ውን ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ዓብይ እጃም ኣለወን።

ካብቲ ንደቂ ኣንስትዮ ፀገም ዝኾነ ዑደት ፀገማት ንምውፃእ እቲ ቀንዲ ጉዳይ ውደብ ደቂ ኣንስትዮ 'ዩ። ቃልሲ መሰላት ናይ ውልቀ ሰብ ቃልሲ ስለዘይኮነ ደቂ ኣንስትዮ ሓያል ናይ ሓባር ኣጀንዳ ክሕዛ ይግባእ ። ኣጀንዳ ደቂ ኣንስትዮ ህዝባዊ ጉዳይ ክኸውን ዝሰርሕ፣ መፍትሒ ዝረክብ፣ ነዚ ዕላማ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወፃእን ዝነብራ ፍልጠትን ተመኩሮን ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ዘወሃህድ ሓያል ምትሕብባር የድሊ።

እዚ ወርሒ ደቂ ኣንስትዮ በዝምልከት ሕሉፍ ክንገምግም፣ ሎሚ ዘለና ክንገብርን ንመፃኢ ትልሚ ክነውፅእን ክንሓስበሉን ይግባእ ። እዛ እንሃንፃ ዘለና ኢትዮጵያ ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ዝኾናላ፣ ብዓርሰ ምትእምማን ዘለወን ዘይሓፍራላ፣ ኣብ ሃገራዊ ንጥፈታት ሙሉእ ብሙሉእ ዝሳተፋላ፣ ሓሳባተን ዝስማዕላ ሃገር ንክትኾን ኩላትና ክንፅዕር ኣለና።

> በቢ ዓመቱ እነብዕሎ ማርች 8 በዓል ጥራሕ ምኽባር እንተይኾነስ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ተጠቃምነት ናይ ባዕሉ ዝኾነ ኣወንታዊ ፅዕንቶ ዘሕድር ክኾን ይግባእ

# እዋናዊ ዛዕባ

## ክብርትታት ዓወት ዓድዋ ንሓድነትናን ፍቅርናን

ኣብርሃ ሓጎስ

ዝኽሪ መበል 128 በዓል ዓወት ዓድዋ “ክብርትታት ዓወት ዓድዋ ንሰላም፤ ሓድነትን ብራኽን ትግራይ” ብዝብል ቴማ ኣብታ ታሪኻዊት ፍልፍል ፅንዓትን ሕላገት ፀለምቲ ኣፍሪካውያን ዝኾነት ከተማ ዓድዋ ፕሬዝዳንት ፌዴሪኢ ሳህለወርቅ ዘውዴ፣ ሚኒስትራት፣ ላዕለዎት ኣመራርሓታት ክልል ትግራይ፣ ኣቦታት ሃይማኖትን ነበርቲ ከተማ ዓድዋን ኣብ ዝተረኸብሉ ብዝተፈላለዩ መርሃ ግብርታት ዝተኸበረ እንትኾን፤ ከምኡ 'ውን “ዓድዋ ምልክት ዓወት ፀለምቲ ህዝብታት” ብዝብል ቴማ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት እታ ሃገርን ብፍላይ ድማ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣፈ-ጉባኤ ኣገኘሁ ተሻገር፣ ኢታማዦር ሹም ሓይልታት ሰራዊት ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ፣ ምክትል ፕሬዝዳንት ፓርቲ ብልፅግና ኣይተ ኣደም ፋራህ፣ ከንቲባ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ፣ ነበር ፕሬዝዳንት ፌዴሪኢ ዶክተር ሙላቱ ተሾመ፣ ርእሳነ፡ምምሕዳራት ክልል፣ ሚኒስትራት፣ ወታደራዊ ኣታሼታት፣ ኣምባሳደራት ዝተፈላለያ ሃገራት፣ ኣቦታት ሃይማኖትን ነበርቲ እታ ከተማን ኣብ ዝተረኸቡሉ ብድሙቅ ከምዝተኸበረ ዝፍለጥ 'ዩ።

ነዚ በዓል ብምምልካት 'ውን ናይ እንኳዕ ኣብፅሐኩም መልእኽቲ ብቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ን ፕሬዝዳንት ፌዴሪኢ ሳህለወርቅ ዘውዴን ሓዊሱ ሚኒስትራት፣ ላዕለዎት ኣመራርሓታት ከምዝቀረበ ይፍለጥ። ናይ ሎሚ እዋናዊ ዛዕባና 'ውን ነዚ ዕለት ብዝምልከት ካብ ዝሓለፉ ዋና ዋና መልእኽትታት ከምዝ ዝስዕብ ክነቅርብ ኢና ሰናይ ንባብ፡-

ነዚ በዓል ብምምልካት ካብ ዝሓልፉ መልእኽታት ብቀዳምነት ካብ እንሪአ መልእኽቲ ፕሬዝዳንት ፌዴሪኢ ሳህለወርቅ ዘውዴ ናይ እንኳዕ ኣብፅሐኩም ሰናይ መልእኽተን ዘብፅሓ እንትኾና በቲ ዝተኻየደ ውግእ ቡዙሓት ሰባት ከምዝሞቱ፣ ከምዝተጎድኡ ፣ ደቂ ኣንስትዮ ከምዝተደፈራ ማእለያ ዘይብሉ ንብረትን ትካላትን ከምዝዓነወ ይፈልጥ'ዩ ብምባል፤ እዚ ኹሉ ኣሰካፍን መሕፈርን ፍፃመ ቅድም ክብል ኣብ ሓደ ሰሚሩ ኣንፃር ባዕዳውያን ወረርቲ ተሰሊፉ ከምዘይተዋገአን ንፀላእቲ ከምዘየሕፈረን ሎሚ ኣብ ቅድሚ እዚ ታሪኻዊ ቦታ ሓው ንሓው ውግእ ምግጣሙ ፤ ምቅትታሉ ዘሕዝን ፍፃመ'ዩ። 'ዞም ጎቦታት ዓድዋ ብዛዕባ'ዚ ኣፍ ኣውፂኦም ተዝዛረቡ ደስ ምበለኒ ነይሩ።" ክብላ ገሊፀን 'የን።

ብምቅፃል 'ውን ሰላም ዝህነፅ ብሓደ ወገን ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ኹላትና ፃዕሪ ዝጥይቕ 'ዩ። ኣብ ሓደ ዝበፅሐ ፀገም ሱቕ ኢልና ንርኢ እንተኾንና እቲ ሓዊ ፅባሕ ኣብ ኣፍደገ ገዛና ይበፅሕ 'ዩ። እዚ ኣብ ካልኦት ሃገራት 'ውን ዝተረኣየ ታሪኽ 'ዩ ንዓና 'ውን ግልፂ 'ዩ። ነዚ ፍልፍል ፀገም ዝኾነ መሪሚርና ካብ መሰረቱ ከነድርቆ 'ዩ ዘለና እንተዘይኮይኑ ዕንክሊል ከይኮነና ክንጥንቀቕ ኣለና። ቅድሚ ሐዚ ብተደጋጋሚ ከም ዘልዕሎ ካብ ሕድ ሕድ ኹናት ዝመፅእ ረብሓ የለን። ተዓዋቲ 'ውን የለን። ሓደ ሰዓራይ ክኸውን ይኽእል 'ዩ ላዕላውነት 'ውን ክረክብ ይኽእል 'ዩ። ብሓፈሻ ግና ሓው ቀቲሉ ኣብ ናይ ባዕሉ መሬት ናይ ወገኑ ፈሲሱ ስለዝኾነ ዓወት ክብሃል ኣይኽእልን። ስለዚ እዚ ክንሓስቦ ይግብና ሓደራ 'ውን ይብል ኢለን።

ከምኡ 'ውን ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) እንኳዕ ንመበል 128 በዓል ዓወት ዓድዋ ኣብፀሐኩም ምስ በሉ፤ ኣቦታትናን እኖታትናን ዓብዪ ዓወት ዓድዋ ካብ ዝሃቡና 128 ዓመታት ኣቑፂሪና። ዓወት ዓድዋ ዝሃበና ክብሪታት ግን ብዝግባእ ዝተጠቐምናሎም ኣይመስለኒን። ብውሑዱ ኣርባዕቲኦም ዓበይቲ ክብሪታት ዓወት ዓድዋ ንህንፀት ሃገር ክንጥቀመሎም ግድን ይኸውን ብምባል፤ እቲ ፈላማይ ህብረ ብሄራዊ ሓድነት 'ዩ። ህብረ ብሄራዊ ሓድነት ዋና መልክዕ ኢትዮጵያ ምኻኑ ካብ ወፍሪ ዓድዋ ብዝሓሸ ክርኢ ዝኽኣለ ኣጋጣሚ ኣብ ዘበናዊ ታሪኽና ኣይንረክብን። ወፍሪ ዓድዋ ክልተ ግዘ ሕብረ ብሄራዊ ሓድነትና ኣርኢዩ 'ዩ። ናይ መጀመርታ እዋን ወፍሪ እቲ ኲናትን ዓውትን 'ዩ። ሎሚ ኣብ እንፈልጣ ኢትዮጵያ ካብ ሞንጎ ዝርከቡ ማሕበረሰባት ናብ ዓድዋ ዘይዘመተ ወገን የለን ኢልካ ምዝራብ ሓቂ ምዝራብ 'ዩ። እቲ ካልኣይ ኣጋጣሚ ድማ ዓወት ዓድዋ ምስ ዝተረኽበ ድሕሪ ሸውዓተ ዓመት ንመጀመርታ እዋን በዓል ዓወት ዓድዋ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እንትኽበር ትርኢት ዘቕረቡ ካብ ዝተፈላለዩ ብሄር ብሄረሰባት እታ ሃገር ዝመፅኡ ኣባላት ሰራዊት ኢትዮጵያ 'ዮም ነይሮም። ኣብዚ ምርኢት ኢትዮጵያ ሕብረ ብሄራዊት ሃገር ምኻና ኣብ ኣደባባይ እቲ ሰልፈኛ ኣርኢዩ ነይሩ 'ዩ ኢሎም።




እዚ ኣብ ወፍሪን በዓልን ዓድዋ ዝተንፀባረቐ ህብረ ብሄራዊ ሓድነት ኣፅኒዕና ክንሕዞ ይግባእ። ኢትዮጵያ ማለት ህብረ ብሄራዊ መነነት ዘለዎም ህዝቢታት ብሓድነት ዝነብሩላ ሃገር 'ያ። ሕብረ ብሄራዊነቶም ካብ ፈጣሪ እንትረኽቡ 'ዩ። ሓድነቶም ድማ ንሳቶም ባዕሎም ኣብ ዘበናት ምትእስሳርን መስዋእትነትን ሃኒፆምዎ 'ዮም። ኢትዮጵያ እዞም ክልተ፣ ነገር ግን ሓደ ካብ ካሊእ እንተይተነፃፀሉ ዝነብሩ መግለፂታት ሓዲጋ ኢትዮጵያ ኣይትኸውንን። ኣብ ሕድሕድ ጉዕዞኣ እዚ እናረጋገፀት ክትጓዓዝ ኣለዋ።

እቲ ካልኣይ ክብሪ ንዓብዪ ሃገራዊ ዕላማ እንትበሃል ኣናእሽቲ ጠለባት ምስዋእ 'ዩ። ናብ ዓድዋ ዝዘመቱ ኩሎም ኣብቲ እዋን ብዝነበረ ስርዓተ መንግስቲ ዝስማዕምዑን ዝተሓጎሱን ኣይነበሩን። እንዲያውም ገለገሊኦም ምስቶም ንጉሰ ነገስት ጎንፂን ቅርታን ነይሩዎም 'ዩ። ገለገሊኦም ድማ ብዝነበረ ሃገራዊ ኩነታ ቅሬታ ተሰሚዑዎም ምስ ፀላኢ ዝሰርሑ ነይሮም 'ዮም። እቲ ነገር ጉዳይ ሃገር እንትኾን ግን ኩሎም ንኡስ ድሌታቶም ብምሕዳግ፣ ንዝዓበየ ድሌት ንሃገር ህልውና መስዋእቲ ንምኻን መፂኦም። ዝኾነ ይኹን ድሌት ትሕቲ ድሌት ሃገር ከምዝኾነ ኣርኢዮምና።

ኣሸንኳይ ሎሚ ብዙሕ ዓይነት ሓበሬታ፣ ፍልጠትን ናይ ሓሳብ መገዲታትን ኣብ ዘለዉሉ ዘበን ቅድሚ ሚኢቲ ዓመት 'ውን ሰባት ፍሉይ ድሌታት ነይሮምዎም 'ዮም። ብድሌቶም ዝተለዓለ ድማ ቅርታታትን ጎንፂታትን ነይሮም። ኩሉ ንሓደ ዕላማ ተተኣሳስር ሃገር ትበሃል 'ያ። ሎሚ 'ውን ንኡስ ድሌታትና ካብ ኢትዮጵያ ኣይበልፁን። ንኢትዮጵያ ዘዳኽም፣ ዘንእስን ዘስእንን መገዲ ምስቲ ዓብዪ ዕላማ ዝጋጮ መገዲ 'ዩ። ኲናት ናይ ዓብዪ ዕላማ ህልውና ኢትዮጵያ ዝኽበረሉ 'ምበር መፈፀሚ እቲ ዝነኣሰ ከባቢያዊን ውልቃዊ ዕላማ ክኸውን ኣይግባእን። ኲናት ንንኡሽተይ ነገር ዝወፅእ ወፃኢ ኣይኮነን። እዚ እዋን ብዙሓት ፈተናታት ከምዘለዉዎ ብዙሓት ኣማራፂታት 'ውን ኣለዉዎ። ምክርኻር፣ ምዝርራብ፣ ምልዛብ፣ ብሕጊ ምድናይ፣ ሓደ ንካሊእ ምፅዋር፣ ተቐፂሮም ዘይውድኡ ኣትረፍቲ መገዲታት ኣለዉዎ። እቲ ዝዓበየ ዕላማ ንኢትዮጵያ ንምምዕባል ክንብል ዝነኣሱ ዕላማታት እናሕመሙና 'ውን እንተኾነ ክንስወኦም ይግባእ።

እቲ ሳልሳይ ክብሪ መረቕን ፍትፍትን ኲናት ምፍላጥ 'ዩ። ኲናት ክንዲ ዝደለዮ ብዓወት እንተተዛዘመ 'ውን ዘኽፍሎ ዋጋ ኣለዎ። ናብ ዓድዋ ዝዘመቱ ሃገር ኮይኑዎም፤ ሉኣላዊነት ኮይኑዎም፤ ጉዳይ ዝዓበየ ዕላማ ኮይኑዎም 'ምበር ኲናት ናይ መጀመርታ ምርጫኦም ኣይነበረን። ዳግማዊ ሃፀይ ምኒልክ እቲ ነገር ብሰላም ንኽዕፆ ደጋጊሞም ፅሒፎም፤ ለሚኖም 'ዮም። ኣይኮነን። ወፍሪ ዓድዋ ብዓወት ኢትዮጵያ ተዛዚሙ። ኢትዮጵያ ዘመትቲ ግን ካብ ዓወት ዝተመለሱ ብሓጎስ ጥራሕ ኣይኮነን። ካብ ፊታውራሪ ገበየሁ ጀሚሩ ብዙሓት ጀጋኑ ነቲ ዓብዪ ዕላማ ንህልውና ኢትዮጵያ ክብሉ ተሰዊኦም 'ዮም። ዝኸዱ ኩሎም ኣይተመለሱን። ሰራዊት ኢትዮጵያ ብዓወትን ብሓዘንን 'ዩ ተመሊሱ። ብዙሓት 'ውን በቢከባቢኦም ብፌስታ ኣይነበረን ነቲ ዓወት ዘኽበሩዎ። ኢትዮጵያውያን ኣሸንኳይ ብናይባዕሎም ወገናት፣ ብጣልያናውያን ሞት 'ውን ሓዚኖም 'ዮም።

ኲናት ተገዲድና ጥራሕ ንዝዓበየ ዕላማ እንትንብል ንኣትዎ ናይ መወዳእታ ምርጫ 'ምበር ካብ ኣፍ ልብና ብቕልጡፍ ንመዞ ኣይኮነን። ኣብዚን ኣብቲን ዝፍጠሩ ዘይምርድዳኣት ብጠበንጃ ንምፍታሕ ምብጋስ ናይ ዓድዋ ዘመትቲ ሓዘን ዘይምክፋል 'ዩ። ዓወት ዘመትቲ ዓድዋ ዓወት ጥራሕ ዘይኮነስ ኲናት ዘስዕቦ መከራ 'ውን ኣምሂሮም ሓሊፎም 'ዮም።

እቲ ራብዓይ ክብሪ ዓወት ዓድዋ ትዕግስቲ፤ ምድላው 'ምበር ፍርሒ ዘይምኻኑ 'ዩ። ጣሊያን ልዕሊ ሰለስተ ዓመታት ንኢትዮጵያ እናተንከፍዋ ነይሮም። ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ዝበፅሐ ህልቀት እንስሳትን ሰባትን ምኽንያት ብምግባር ትንኮሳ ኣበኣኢሶምዎ ነይሮም። ኢትዮጵያ እናተገፍዐት 'ውን እንተኾነ ተዓጊሳ ነይራ። ትዕግስታ ግን ካብ ዓቕመ ደካማነታ ዝመፅእ ኣይኮነን። ንዝበኣሰ ነገር እናተሰናደአት ስለዝነበረት 'ምበር። እኽሊ ክሳብ ዝበፅሕ፣ ሰብ ክሳብ እግሪ ዝተክል፤ ዝተገዝእ ኣፅዋር ክሳብ ዝበፅሕ፣ ዝበፅሐ ኣፅዋር ምስቲ ሰራዊት ክሳብ ዝላመድ ተዓጊሳ 'ያ። ኣብ መወዳእታ ግን ውፅኢት ትዕግስታ ኣብ ጎቦታት ዓድዋ ኣርኢያ 'ያ።

እዞም ክብሪታት ኩሉግዘ ምሕሳብ፣ ሓሲብና ምትግባር ንኽንክእል ዘዘኻኽረና ነገር የድሊ ነይሩ። ንዓድዋ ዝምጥን ታሪኹን ክብሩን ንሓስበሉ ዝኽሪ እቲ ወፍሪ ኣብ ዝተጀመረሉ ቦታ ፅባሕ ዘህነፅናሉ ግዘ 'ዩ እቲ በዓል ነኽብሮ ዘለና። እዚ ድማ ንናይዚ ዓመት በዓል ሞገስን ክብሪን ወሲኹሉ 'ዩ። ሎሚ እቲ ዝኽሪ ብዝኸበረ ኩነታት ወጊንና ኢና። ነገር ግን ክብሪታት ዓድዋ ብዝግባእ ብምጥቃም ከም ጎቦታት ዓድዋ ዝፀንዐት ኢትዮጵያ ምህናፅ ይተርፈና 'ዩ። ንሱ ድማ ናይ ኩልና ህድኣት፣ ብስለትን ጥምረትን ይጠልብ ክብሉ መልእኽቶም ኣሕሊፎም 'ዮም።

ኢታማዦር ሹም ሓይልታት ሰራዊት ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ኣብቲ መበል 128 በዓል ዓወት ዓድዋ ኣብ ዝገበርዎ መደረ፤ "ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ንዓወት ጀጋኑ ዓድዋ ውርሱ ገይሩ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ንዝበፅሕ ትንኮሳ ንምምካት ኹሉግዜ ድሉው 'ዩ" ብምባል፤ ሰራዊት ምክልኻል ብሓድነትን ብስምዒት ፍቕሪ ሃገርን ከምዝጓዓዝ ፀላእቲ ይፈልጥዎ 'ዮም ። ህዝቢ ኢትዮጵያ 'ውን ተጋድሎ ሰራዊትን ሽርሒ ፀላእትን ክግንዘብ ይግባእ ኢሎም።

ብተወሳኺ መበል 128 በዓል ዓወት ዓድዋ ነቲ ዓወት ኣብ ዝምጥን ሙዝየም ስለዝተኸበረ ፍሉይ ከምዝገብሮ ብምሕባር፤ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ተጋድሎ ጀጋኑ ዓድዋ ብምውራስ ንሃገሩ ብኹርዓት ዘብዒ ክኸውን 'ዩ ክብሉ ገሊፆም 'ዮም።

ኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ኣገኘሁ ተሻገር ብወገኖም ኣብ ዘሕለፍዎ መልእኽቲ “በዓል ዓወት ዓድዋ ቀዳሞት ኢትዮጵያዊያን ክብረት መንነቶም ዘሐለውሉ፣ ኣብ ብዝሑነቶም ውሽጢ ናይ ሓባር ሓቂ ዝተኸተብሉ፣ ንዓለም ፀለምቲ ሕዝብታት ቀዳሞት መርኣያ ኮይኖም ንነፃነቶም ክዋደቑ ወነ ዝሰነቑሉ ናይ ኩሉ መጀመሪያ 'ዩ።”ብምባል ንመላእ ብሄር ብሄረሰባት ህዝብታትን ኢትዮጵያ እንኳዕ ን128ኛው በዓል ዓወት ዓድዋ ኣብፀሐኩም ክብሉ ገሊፆም 'ዮም።

ዓወት ዓድዋ ሓበራዊ ሓድነት ኣብ ፅኑዕ መሰረት ዘንበረ 'ዩ ኢሎም። እቶም ኣፈ ጉባኤ፣ ሎሚ ዘበን ዝተኸበረ በዓል ዓወት ዓድዋ ነቲ ዓወት ብዝምጥን ዝኽሪ ዓወት ዓድዋ ኣብ ዝተሃነፀሉ ምኽባሩ ፍሉይ ይገብሮ ብምባል፤ ኣቦታትና ሕልሚ ባዕዳዊ መግዛእቲ ምምካን ዝኸኣሉ ብምድምማፅ ብሓባር ብምስላፍ 'ዩ ንሕና 'ውን ሓድነትን ሓበራዊ ራእይን ክህልወና ይግባእ እንብል ካብዚ ብምብጋስ 'ዩ ኢሎም።

ዓወት ዓድዋ ውፅኢት ተሳትፎ ሕብረት 'ዩ፤ ሕብረት ገኒኑ ዝተረኣየሉ፣ መራሕን ተመራሕን ዝተናበቡሉ ካብ ኣነነት ኣንሕና ብዝብል ሓቢሮም ሓያል ኲርናዕ ዝፈጠሩሉ ዓውዲ 'ዩ። ሕብረት፣ ምንባብን ሓድነትን እንትድመሩ ወነን፣ ሓይልን ጥበብን ይፈጥሩ ብምባል፤ ናብ ዝተተለመ ዕላማ ንምብፃሕ 'ውን ጉዕዞ የቀላጥፉ ክብሉ ገሊፆም 'ዮም።

ብሄር ብሄረ ሰባት ህዝብታትን ኢትዮጵያ ካብ ዓወት ዓድዋ ሕዝባዊ ፍቅሪ፣ ሕውነነትን ተማሂርና ኩሉ ዜጋ በነፃነት ዝነብረላ፣ ዝበልፅገት ዲሞክራሲያዊት ኢትዮጵያ ኣብ ኽይዲ ምህናፅ ግደና ንክነበርክት ስራሕኩም ኣጠናኺርኩም ንኽትቅፅሉ ምስ ሓደራ መልእክተይ የመሓላልፍ ገሊፆም 'ዮም።

ሚኒስትር ሚኒስቴር ባህልን ስፖርትን ቀጀላ መርዳሳ ብወገኖም ከምዝበልዎ፤ ዓድዋ ታሪኻዊ 'ዩ። ከም ዓድዋ ዝበሉ ዝኽበሩ ታሪኻዊ ዓወታት ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ዝኽበሩ ዓበይቲ ዝተፈላላዩ ዋና ዋና በዓላት ዓወት ዓድዋ ቀዳማይ ብሄራዊን ወይ ሃገራውን 'ዩ ኢልና ክንወስድ ንኽእል ኢና። ብሄረ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ሓደ ዝገበረ ዓድዋ 'ዩ። ካብ ኩሉ ኲርናዓት እታ ሃገር መፂኡ ኣብ ዓድዋ ዘይተሳተፈ የለን። ብርግፅ ህዝቢ ትግራይ መሪሕን ናቲ ኹናት ተጎዳኢ እንተኾነ'ውን ካብ ርሑቕ ጫፍ መፂኦም ዝተሰዉኡ ኢትዮጵያውያን ኣለው 'ዮም። ዓወት ዓድዋ እንትኽበር ንሕብረትና ምጥንኻር ንሓድንትናን ንመፃኢ ወለዶና 'ውን ንምምሕላፍ ስለዝኾነ ዓድዋ በቢዓመቱ ብድምቀት ክኽበር ኣለዎ ኢልና ነኣምን።

ምክትል ፕረዚደንት ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሌተናል ጀነራል ታደሰ ወረደ ኣብቲ ብዓል ተረኺቦም ኣብ ዘሕለፍዎ መልእኽቲ እቲ ዝተረኽበ ዓወት ባዕዳውያን ወረርቲ ኣፍሪካ ናይ ምቅርማት መደቦም ዝበደሀ ዓወት 'ዩ ድሕሪ ምባል እቲ ዓወት ብሓፈሻ ናይ መላእ ፀለምቲ ህዝብታት ብፍላይ ከዓ ነቲ ኲናት ኣብ ዝባኑ ዝፆሮ ዓወት ህዝቢ ትግራይ 'ዩ ኢሎም።

ዓወት ዉግእ ዓድዋ ዓወት መላእ ፀለምቲ ህዝብታት ብፍላይ ከዓ ዓወት እቲ ኣብ ዝባኑ ዝፆሮ ህዝቢ ትግራይ 'ዩ ብምባል፤ ኣብቲ እዋን ተደጋጋሚ ኲናት ዘጋጠሞ ህዝቢ ትግራይ ነቶም ወራራት ብፅንዓት ከምዝመከቶም ዝሓበሩ ሌ/ጀነራል ታደሰ፣ ነቲ ኲናት ስዒቡ ግን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ከቢድ ማሕብረ ቁጠባዊ ፀገማት ከምዝቃልዐ ብምብራህ ህዝቢ ኣብ ሓደጋ ክወድቕን ግዳይ ዝተፈላለዩ ፀገምት ክኸውን ድማ ተገዲዱ 'ዩ ይብሉ።

ኣብ ፕሪቶርያ ብዝተኸተመ ውዕሊ ተነፃፃሪ ሰላም ኣሰፊኑ 'ዩ ዝበሉ ሌ/ጀነራል ታደሰ ሕዚ ዘሎዉ ፀገማት ንምስጋር 'ዉን ሓድነት ወሳኒ ከም ዝኾነ ብምጥቃስ ሓድነቱ ከጠናኽር ፀዊዖም 'ዮም።ሕርያ ህዝቢ ትግራይ ሰላም 'ዩ ፤ ምስ ኩሎም ጎርባብቲ ብሰላም ንምንባር ከምዝሰራሕ ድማ ኣረጋጊፆም 'ዮም።

ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ዝኾኑ ኣፅብሃ ገብረእግዚኣብሄር ዶ/ር ብወገኖም ከምዝገለፅዎ፤ ነዚ በዓል ንምኽባር ካብ ርሕቑን ቀረባን ናብታ ታሪኻዊት ፍልፍል ፅንዓትን ሕላገት ፀለምቲ ኣፍሪካውያን ዝኾነት ከተማ ዓድዋ እንኳዕ ደሓን መፅእኹም ድሕሪ ምባል፤ እንዝክሮን እነብዕሎን ዘለና በዓል መቀፀልታን መውዳእታን ናይቲ ዘመን ዝነበሩ ውግኣት 'ዩ። ኣያታትና ኣብ ውግኣት ጉንደት፣ ጉራዕ፣ ሰሓጢት፣ ኩፊት፣ ደጉዓለ፣ ደብረሕይላ፣ እምባ ኣላጀ እንዳየሱስን መቐለን ካልኦትን ኣንፃር ብርክት ዝበሉ ባዕዳዊ ወረርቲ በይኖም ዘኹርዕ ጀግንነት ፈፂሞም ዓዶም ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ከይኣቲ ገይሮም 'ዮም።

ወራሪ ጣልያን ኢትዮጵያ ንምውራር ክሳብ ኣምባላጀ እንትግስግሱ ህዝቢ ትግራይ ንልዕሊ ሸመንተ ኣዋርሕ እናተቃለሰ ፀኒሑ 'ዩ። ካብ ውግእ እምባ ኣላጀ ጀሚሩ ክሳብ ውግእ መቐልን ዓድዋን ካልኦትን ምስ ኢትዮጵያውያን ኣሕዋቱ ብሓባር ኮይኑ ቅድም ክብል ዘረኸቦ ልምድታት ጀግንነት ብምጥቃም ምስ መቓልስቱ ኢትዮጵያውያን ንኣዋርሕ ብምቅላስ ኣብ ታሪኽ ዓለም ነፃነት ፀለምቲ ዘግሃገድን ኣብ ኩርንዓት ዓለም ቃልሲ

ክብርትታት ዓወት... ገፅ 7

# ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ብምፍራሙ እንተናኣሰ ተኹሲ ጠጠው ኢሉ ፤ ህዝቢ ትግራይ ናይ ሰላም ንፋስ ክረክብ ዕድል ፈጢሩ 'ዩ››

- ኣብርሃም በላይ(ዶ/ር)
ሚኒስትር ምክልኻል ሃገር

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ሚኒስትር ምክልኻል ሃገር ኣብርሃም በላይ(ዶ/ር) ኣብ እዋናዊ ኩነታት ትግራይ ኣድሂቦም ምስ ኢቲቪ መደብ ደሃይ ትግራይ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት፤ « ኹናት ምስተጀመረ ብተደጋጋሚ እቲ ኹናት ዝሓፀረሉ ቀልጢፍና ናብ ዝርርብ እንኣትወሉ ፤ ነገራት ዝኸፍአ ፀገም ከየብፀሑ ናብ ሰላማዊ መገዲ ዝእተወሉ ንምእላሽ ዘይተገበረ ፃዕሪ የለን፤ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ብምፍራሙ እንተናኣሰ ተኹሲ ጠጠው ኢሉ ፤ ህዝቢ ትግራይ ናይ ሰላም ንፋስ ክረክብ ዕድል ፈጢሩ 'ዩ፤ እዚ ዓብይ ስጉምቲ 'ዩ ፤ ናይ መጀመርያ ዓላምኡ 'ውን እዚ ስለዝኾነ፤ ሓንቲ መዓልቲ ብዛዕባ ተመዛበልቲ ህዝብና ከይተዛራረብና ዝደቅስናሉ እዋን የለን እዚ ፍታሕ ዝርከበሉ ኩነታት ንምፍጣር ኣንፈታት ተቐሚጦም ኮሚቴ ተጣይሹ ዘሎ ፀገማት ተገምጊሞም ብፍጥነት ናብ ተግባር ዝእተወሉ ኣንፈት ተቐሚጡ 'ዩ፤ኣብ ፀጥታ ጉዳይ ከተማታት ትግራይ ድማ ተጠናኺሩ ንክቐፅልን ኣድላይ እንተኾይኑ ድማ ብፌደራል መንግስቲ ሓገዝ ዝግበርሉ ክንሰርሐ ኢና» ኣብዚኦም ርእሰ ጉዳያት ኣስፍሕ ኣቢሎም ዝሃብዎ መብርሂ ከምዝሰዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና።ሰናይ ንባብ !

**ሕቶ፡- ብብዙሓት ተወስድቲ ትግራይ €€ባንዳ ፣ ከዳዕ 'ዮም« ዝባሃሉ እንታይ ይስመዓም?**

**ዶ/ር ኣብርሃም፡-** እንታይ ዓይነት ሕቶ ኢኻ እትሓትት ዘላኻ ፤ኣብዚ እዋን እዚ ከምዚ ዓይነት ሕቶታት መልሲ የድልዮ 'ዩ ዝብል እምነት የብለይን።ብሱሩ 'ውን ከም ባህርያተይ ኣብራሃም ስለዘሞገስዎ ስለዝደገፍ ሞቕታ ዝስመዖ ፤ዝፀረፍዎን ዘይቕበልዎን ስለዘለዉ ድማ ካብ ዕላምኡ ንድሕሪት ዝብል ሰብ ስለዘይኾንኩ ብዙሕ ከምዚ ዓይነት ነገር ኣየጨንቐንን።እዚ ጉዳይ እዚ ንዓይ ብዙሕ ትርጉም 'ውን ኣይህበንን።እቲ ኣብ ትግራይ ዝነበረ ኹነታት ኣሸንኳይዶ ፀሪፍስ ካልእ 'ውን ዝውሰኾ ስለዝኾነ ዝዳሓዝ 'ዩ ኢለ ኣይኣምንን።ገገሊኡ ግን ስለዘቕረበ ናተይ ወገን 'ዩ ኢሉ ስለዝኣመነ ይመስለኒ በዚ ብርኪ ዝግለፅ ዝነበረ ።ከምዚ ዓይነት ፍረጃ ክህቡ ሓላፍነት ዝተውሃቦም ኣካላት መን 'ዩ? ወሃቢ ስምን ፍረጃን ? እዚኦም ሰባት ንህዝቢ ትግራይ ውሕስና ዝኾኑ ሰባት ድዮም ኣይኮኑን ዝብል ንግዜ ተንገድፎ ፤ ግዜ ባዕሉ ዕድመ ባዕሉ ባንዳ እንታይ 'ዩ? ባንዳ መን 'ዩ ? እናብረሀ ዝመፅእ ዘሎ ጉዳይ ይመስለኒ ፤ ኣነ ደስ ዝብለኒ ከምዚ ተባሂለ ፣ተብሂልካ ዝብል ነቶም ዝበሉ ዝተብሃሉን ንግደፎ እሞ ኣብ መሰረታዊ ጉዳይ ህዝቢ ትግራይ ኣጀንዳ ገይርና ተንዛተ ደስ ይብለኒ ፡፡

**ሕቶ፡- ኣብ ጉዳይ ህዝቢ ትግራይ ብርክት ዝብሉ ሕቶታትን መረረታትን ኣለዉ ፤ ብፍላይ ኣብዚ ሐዚ እዋን ፕሒላቶ ዘላ ኩነታት ንክትፕሕል ፍፃመታት ቀድሚ ኹናትን ኣብ እዋን ኹናትን ከመይ ይግምግምዎ ?**

**ዶ/ር ኣብርሃም፡-** ቀድሚ ናብ ኹናት ምእታውና ዝነበሩ ኩነታት ንዓይ ከም ኣብርሃምን ትግራዋይን ብጣዕሚ ኸበድቲ እዋናት ዝነበርሉ፤ ቀድሚ ኹናት ዝነበረ ዉጥረት ናብ ኹናት ንከይቕየር ብዙሕ ፃዕርታት ዝተገበረሉ ፤ ብመራኸቢ ሓፋሽ ዝነበረ ጎስጓሳት፤ ብዝተፈላለዩ መልክው ዝግለፁ ዝነበሩ ትንኮሳታት፤ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ዝነበሩ ሆይዎይታ ፤ ኣብ ውልቀሰባትን ዘርእን ትኹረት ዝገበሩ ዝርርባት ከይዶም ከይዶም ናብ ጥፍኣት ከምዝወስዱና ስለዝፈለጥና ከም ሓደ ትግራዋይ ኣብቲ እዋን ብብርኪ ሚኒስትር 'ኳ ተዘይነበርኩ ናይ መንግስቲ ሓላፍነት ስለዝነበረኒ ብቐረባ ምስ ኣመራርሓ ትግራይ ብተደጋጋሚ በቢ መዓልቱ ብዝባሃል ብርኪ ብዝወከልዎም ኣካላት ነገራት ንክሰኽኑ እናተዘራረብና እናተመኻኸርና ብዙሕ ሞኪርና ኢና ።ግና ክነሳኽዖ ኣይካኣልናን።እቲ ኹናት ተፈጢሩ።

ኹናት ምስተጀመረ 'ውን ብተደጋጋሚ እቲ ኹናት ዝሓፀረሉ ቀልጢፍና ናብ ዝርርብ እንኣትወሉ ፤ ነገራት ዝኸፍአ ፀገም ከየብፀሑ ናብ ሰላማዊ መገዲ ዝእተወሉ ንምእላሽ ዘይተገበረ ፃዕሪ የለን።ናብ ሚድያ ኣይውፅን 'ምበር ብሕቡእ ብስልኪ እናተዛራረብና ኢና ነይርና።እቲ ኹናት ጠጠው ክብል ሰላም ክመፅእ ህዝብና ክነድሕን ይኣኽለና ዝብል ሓላፍነት ወሲድና ኣብ ዝተፈላለዩ ዓድታት ብኣካል ተራኺብና ኢና።ምስ ዝወከልዎም ዓበይቲ ሰባት ዳያስፖራ በቢ መዓልቲ ብዝባሃል ብርኪ ብፍላይ ድማ በቢ ምዕራፉ ዝነበሩ ኹናት ንከይቕፅሉ ብዙሕ ልመናን ምኽርን ሕውነታዊ ብዝተላበሶ ፃዕሪ ገይርና ኢና።ብዙሕ ፅዒርና ኣይተሳኸዐልና።እቲ ኹናት በቢ ምዕራፉ እናኸደ ዝገደደ ጥፍኣት እናተወሰኾ ቀፂሉ 'ዩ።ኣብዚ ከይዲ እዚ እቲ ኹናት ጥራሕ ኣይነበረን ስቓይ፤ ትግራዋይ በቲ ወጥሪ 'ውን ኮርኒር ተገይሩ፤ ኹናት ብልተፈጠረ 'ውን ናብ ጥርጣረ ዘእቱ ኹነታት ተፈጢሩ ኣብ ማሓውር መንግስቲ ዝሰርሕ ዝነበረ ናብ ስራሕ ዘይኣትወሉ ወይም ኣብ ገዝኡ ዝፀንሐሉ ኩነታት ክፍጠር ተገይሩ 'ዩ።ነጋዶ 'ውን ተረጋጊዖም ከይሰርሑ ብድንጋፀ ሃፍቶም በቲኖም ናብ ዘምፀሎም መገዲ ዝተበተንሉ ፤ ሰባት ዝእሰርሉ ኣብ ሓደ ቦታ ተይኾነ ኣብ ኩሉ ቦታታት እዚ ድማ እቲ ዘጋጠመ ፀገም ሰፊሕ እንተነበረ ካብኡ ከይገድድ ብዝተኸኣለ መጠን ንክቐንስ ፤ ፅልኢት እንተሃለወ 'ውን ፀላኢኻ ፈሊኻ ምርኣይ፤ ህዝብን ፀላእን ክፍለይ ከምዘለዎ ፤ ንሕናን 'ውን እንቃለስ ዘለና ንሰላምን ህዝብን ክንብል ስለዝኾነ ክርዳእ ምስ ኹሎም ክልላት ኣመራርሓ ኣካላት ፀጥታ ተሓባቢርና ብዙሕ ፅዒርና ኢና።ግና ብዝነበረ ስፍሐት ኹሉ ክብፃሕ ኣይተኽኣለን ፤ኹሉ 'ውን ክፍታሕ ኣይተካኣልን።

እዚ ኹሉ ሸኽሚ ሓሊፍና ኢና ናብ ስምምዕነት ፕሪቶርያ በፂሕና።ስምምዕነት ፕሪቶርያ ምስተፈረመ ከማይ ዝተሓጎሰ ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን።ብዙሕ ነገራት ተቓሊሉ 'ዩ፤ ድሕሪ ኸዚ እንተናኣሰ ግፍዕን በደላትን ንከይቕፅል ህዝቢ ትግራይ ሰላማዊ ንፋስ ክረክብ ዕድል ተፈጢሩ 'ዩ ዝብል እምነት ስለዝሓዝኩ።ከምትፈልጥዎ ተወከልቲ ፌዴራል ከይዶም ፈሪሞም ዝመፁ ኣካላት ናይ ሰላም ጀጋኑ ኢኹም ኢለ ኣብ ኤርፖርት ብዕምበባ ጉንጉን 'የ ተቐቢለዮም።ፅቡቕ ኣቀባብላ 'ውን ተገይሩ 'ዩ።እዚ ኹሉ ዝገበርና እቲ ዝነበረ ሸኽሚ ስለዝፈልጦ 'የ።እቲ ዝነበረ ከይዲ ዘስታዉሶ ንከይደግም ንከይንሪኦን ንከይንሰምዖን ድሕሪ ኸዚ ኣባና ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ ካልኦት 'ውን ከይፍጠር፣ ንሰላም ንክሰርሕ ዘስታወሰኒ ግዜ 'ዩ።ግዜ እናሃለወካ ሰለም እናሃለወ ንሰላም ምስራሕ ብጣዕሚ ኣድላይ 'ዩ።ሰላም እንድሕር ተበላሽያ ምምላሳ ኸቢድ 'ዩ።ኹናት እንታይ ከምዝፈጥር ኣሪእና 'ዩ።ሸዑ ተንኸእል ነይርና እቲ ናይ መጀመርያ 'ኳ ተዘይኻኣልና ኣብቲ ካልኣይ ሳልሳይ ምዕራፍ ስኽን ኢልና ስምምዕነት ተንፈጥር ነይርና ክንደይ ህይወት ሰብ መድሐና ነይርና።

**ሕቶ፡- ስምምዕነት ፕሪቶርያ ኣብ ቦትኡ ኣሎ ኢሎም ዶ ይሓስቡ ? ብዙሓት ወገናት ብዙሓት ተስፋታት ተግባራዊ ኣይተገበሩን ዝብል ዝሳዓሉ ሓሳባት ኣለዉ፤ ካብዚኣቶም እቲ ሓደ ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ሓደሽቲ ይኹኑ ነባራት ውድባት ፖለቲካ ዘካተተ ብልፅግና ሓዊሱ ስግገር መንግስቲ ክጣየሽ ኣለዎ 'ዩ ዝብል ፤ መንግስቲ ፌደራል ግና ግልፂ ብዘይኾነ ኣካይዳ ህወሓት ዝቆፃፀሮ መንግስቲ ክጣየሽ 'ዩ ተገይሩ ፤ እዚ ብምንታይ ምኽንያት 'ዩ ተገይሩ ?**



**ኹናት ምስተጀመረ 'ውን ብተደጋጋሚ እቲ ኹናት ዝሓፀረሉ ቀልጢፍና ናብ ዝርርብ እንኣትወሉ ፤ ነገራት ዝኸፍአ ፀገም ከየብፀሑ ናብ ሰላማዊ መገዲ ዝእተወሉ ንምእላሽ ዘይተገበረ ፃዕሪ የለን**

**ዶ/ር ኣብርሃም፡-** ስምምዕነት ፕሪቶርያ ኣብ ቦትኡ ኣሎ ዶ ዝብል ንምርኣይ ንብዙሕ ነገር ምርኣይ ኣድላይ 'ዩ።መጀመርያ እቲ ኣተሓሳስባ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ኹሉ ፀገማት ትግራይ ይፈትሕ 'ዩ ኢልካ ምውሳድ እንድሕር ሃልዩ ጌጋ 'ዩ።እተን ኣብ ፕሪቶርያ ዝተቐመጣ ነጥብታት ናብ ተግባር ንክቕየራ ትፅቢት ካብ ምግባር ዝተልዓለ ሕቶ ከምዝኾነ ይኣምን።

ስምምዕነት ፕሪቶርያ ንህዝቢ ትግራይ እንታይ 'ዩ ክረክብ ገይርዎ ኢልካ ምሕታት እቲ ዝተረኸበ 'ውን ምድናቕ የድሊ።እቲ ዝጎደለ 'ውን ክፍፀም ምሕታት ትኽክል 'ዩ።ግና ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ብምፍራሙ እንተናኣሰ ተኹሲ ጠጠው ኢሉ ፤ ህዝቢ ትግራይ ናይ ሰላም ንፋስ ክረክብ ዕድል ፈጢሩ 'ዩ።እዚ ዓብይ ስጉምቲ 'ዩ ፤ ናይ መጀመርያ ዕላምኡ 'ውን እዚ ስለዝኾነ።

ካልኣይ ቅድሚ ፕሪቶርያ ምስምዕማዕና ብኹናት ብዙሓት ኸባብታት ትግራይ ተዳሒዘን 'የን ነይረን፤ እዚ ተመሊሱ ብግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ክርከብን ክማሓደርን ዝተገበረ ሳላ ስምምዕነት ፕሪቶርያ 'ዩ፤ እተን ተሪፈን ዘለዋ ኣካራኻሪ ቦታታት ናብ ተወሳኺ ጎንፂ ከይወስዳናን ስምምዕነት ፕሪቶርያ ክፈርስ ከይግበርን ሓይልታት ፌደራል ኣብቲ ቦታ ክኾኑ ተገይሮም 'ዮም፤ ግዝያዊ ምምሕዳር ተጣይሹ 'ውን ከም መንግስቲ ፀገማት ህዝቢ ትግራይ ብፍጥነት ክፈትሕ ዝተገበረ 'ውን በዚ ስምምዕነት 'ዩ፡፡

ብተወሳኺ እቲ ፀገም ሰፊሕ ስለዝነበረ ብተደጋጋሚ ኹናት ስለዝነበረ ብዙሕ ሓገዛት ዘድሊ ከምዝነበረ ኩሎም ክልላት ምምሕዳር ከተማ፤ ፌደራል ሚኒስቴር ትካላት ዝኻእልዎ ኹሉ ሓጋዝ ንክገብሩ ዕድል ዝተፈጠረ ስምምዕነት ፕሪቶርያል ስለዝተፈጠረ 'ዩ።ኹለን ግልጋሎት መንግስቲ ናብ ስራሕ ክምለሳ ስራሕቲ፤ ቴሌኮም ብቁልጥፍ ተፀጊኑ ናብ ስራሕ ክኣቱ፤ መንገዲ ኣየር ብቕልጡፍ ስራሕ ክጅምር ፤ ባንክታት ስረሐን ክጅምራ ፤ ጥዕና ጣብያን ቤት ትምህርትን ናብ ስራሕ ክኣትዋ እዚ ኹሉ ዝተፈጠረ ሳላ ሰላም ስምምዕነት ፕሪቶርያ ከምዝኾነ ምእማን ብጣዕሚ ኣድላይ ይመስለኒ። ዘይተግበረ ጥራሕ እናሓዝና ምኻድ ኣድላይ ኣይመስለንን።ስለዚ ውዕሊ ፕሪቶርያ ኣብ ቦትኡ 'ዩ ዘሎ።ውዕሊ ፕሪቶርያ መንግስቲ ፌደራል ካብ ውዕሊ ንላዕሊ ኣብ መንጎ ኽልቲኦም ዘሎ እምነት ክሰፍሕ ዝወሰዶም ውሳነታት ምዝንጋዕ ዘድሊ ኣይመስለንን፡፡

ኣመራርሓ ፌደራል ብቀጥታ መቐለ ከይዶም ህዝብና 'ዩ ኢሎም ዝራኣይሉ ኩነታት ናብ ሰላም ክምለስ ዘሎ ድልየት ዘርኣየ 'ዩ። ስለዚ እዚ ኸዚ እንሪኦ ዘለና ናብ ሕርሻ እንኣትው ዘለና ጉዕዞ ዘድሊ ዘርኢ ክበፅሕ ቅድሚያ ንትግራይ ክዋሃብ ዝተገበረ ብምኽንያት ስምምዕነት ፕሪቶርያ ንሰላም ዘለዎ ድልውነት ንምርኣይ ተሓሲቡ 'ዩ፡፡

ብስምምዕነት ፕሪቶርያ ኹሉ ኣሳታፊ ዝኾነ ግዝያዊ ምምሕዳር መስርቱ 'ዩ ዝብል።እቶም ዝተውዓዓሉ ኣካላት ተመኻኺሮም ካብ ኹሎም ግዝያዊ ምምሕዳር ሓዊሶም ክምስርቱ 'ዩ ትፅቢት ዝግበር ።ከም መንግስቲ ፌደራልን ብልፅግና ፓርትን ዘወሰድናዮ ውሳነ ሐዚ እንታይ 'ዩ ድልየትና ግዝያዊ ምምሕዳር ፈጢርና እዚ ናተይ እዚ ናትካ እናበልና ግዜ ምውሳድ ድዩ ወይስ ፀገማት ህዝብና ብግዜ ምፍታሕ 'ዩ? ትግራይ ኣብ ትግራይ ዘሎ ኣካል ከመርሖ ዓቕምን ክእለት ዘይብሉ ድዩ ኾይኑ ? ኣለዎ 'ዩ።ሙጉታት ከይፈጠርና እቲ ድልየትና ሰላም ስለዝኾነ ብሰላማዊ መገዲ ካብ ኹሎም ኣካላት ዘሳትፍ ብፍላይ ድማ ብፍጥነት ናብ ስራሕ ክኣትውሉ ዝኽእሉ ምሁራት ፣ ዳያስፖራን ፣ፖለቲከኛታት ኣካላት ፀጥታ፣ እቲ ፓርቲ 'ውን ኣሳቲፎም ተሎ ግዝያዊ ምምሕዳር ከጣይሹ ኢና ዕድል ሂብናዮም።እዚ ፌደራል መንግስቲ ንሰላም ዘለዎ ምልዕዓል ዝተፈለየ ኣጀንዳ 'ውን ከምዘይብሉ ከርኢ ስለዘድሊ ብፍጥነት ድማ ፀገማት ህዝቢ ትግራይ ክፍትሑ ስለዘለዎም ንክፍልጡ፤ ኣካላት እቲ ፀገም ብቐርበት ዝፈልጡ ቀልጢፎም እቲ ፀገም ፈቲሖም ፀገም ህዝቢ ትግራይ ከቃልሉ ዝተገበረ 'ምበር ካልእ ሽርሒን ድልየት ዘለዎ ኣይኮነን፤ ቅንዕና ዘለዎ፤ ንህዝቢ ትግራይ ንምኽባር ዝተገበረ 'ዩ።

እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ኣሳታፊ ድዩ ንዝብል ምሁራን ፣ዳያስፖራ ፣ ኣካላት ፀጥታ ፣ ህወሓትን ፓርትታን ዝተወከሉ ኣለዉ 'ዮም ፤ ግና እኹልን ተመጣጣንን ድዩ ? ብኸምዚ ብርኪ ድዩ ክኾን ዝነበሮ ? ካብዚ ንላዕሊ ከመሓየሽ ዶ ኣይምነበሮን ? ንምንታይ ኸ ብሓደ ወገን ዝዕብለል ኾይኑ? ዝብል ነገራት ትኽክለኛ ሕቶ 'ዩ።እዚ ክዕረ ኣለዎ ምባል ሚዛናዊ ዝሓለወ ሕቶ ይመስለኒ።እዚ ንምግባር 'ውን ክስረሐሉ ይኽእል 'ዩ፤ ብዙሕ ፀገም ስለዘይብሉ።ተዘይኾይኑ ግና ፌደራል መንግስቲ ሓቢሩ ብዘይምእታው ወይም ኣብቲ ምምሕዳር ብዘይምህላዉ ካልእ ዓይነት ሽርሒ ሓሲቡ 'ዩ ዝብል ግን ትኽክኛ ኣረዳድኣ ኣይኮንን።ከምዚ ዓይነት ድልየት የለን ፤ እቲ ድልየት ክብሪ ህዝቢ ትግራይ፣ ትግራዋይ ባዕሉ ንባዕሉ ኪኢሉ ህዝቡ ክመርሕ ከምዝኽእልን ዝተፈለየ ኣጀንዳ ኣብ ትግራይ ስለዘይብሉን ምኳኑ ክፍለጥ ኣለዎ።

**ሕቶ፡- ካብ ምዕራብን ደቡብን ትግራይ ዝተመዛበሉ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣፅሊሉም ፀገም ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናወሰኸ ንምንታይ 'ዩ ሱቕታ ተመሪፁ?**

**ዶ/ር ኣብርሃም፡-** ሱቕታ? ኣሸንኳይዶ ዝተማዛበለ ህዝቢ ዓብይ ጉዳይ ሒዝካስ ኣብ ካልኦት ጉዳያት 'ውን ሱቕታ

“ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ... ገፅ 6

# «ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ብምፍራሙ...

ኣይተመረፀን፡፡ዘንጊዑ 'ዩ ትኽክል ፡፡ብጣዕሚ ውሽጥኻ ዝጎድእ 'ዩ፡፡ብፍይ ድማ ወለድና ፣ ኣሕዋትና ኣዴታትና 'ዮም ኸቢድ ነገር 'ዩ፡፡ኣብ ማንም ዜጋ ክፍጠር ዘይትደልዮ 'ዩ ገጢምዎ ዘሎ ህዝብና፡፡እዚ እናሃለወ ሱቕታ ዝመርፅ ዝሓመመ ተዘይኾይኑ የለን፡፡ብኣና ወገን ሱቕታ ይኹን ዕረፍቲ የለን፡፡ እንታይ ኢና ገይርና፤ ፅባሕ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ናይ መጀመርያ ኣጀንዳና ብቕልጡፍ ህዝብና ናብ ገገዝኡ ንመልሶ 'ዩ፡፡ካልእ ኣጀንዳ ነርክበሉ ኢና፡፡ህይወት ህዝቢ ይድሓን ፣ ሰብኣዊ መሰል ህዝቢ ይረጋገፅ ፣ ሕገ መንግስታዊ መሰል ይረጋጋፅ ፣ ክሳብ ኸዚ ዕረፍቲ ዘይሃበና ናይ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ናይ ምምላስ ጉዳይ 'ዩ፡፡

ከምትዝክርዎ ዓሚ ቅድሚ ሰነ ክረምቲ ከየርከበ ተመዛበልቲ ክምለሱ ኣለዎም ፤ ክምለሱ እንተኾይኑ ብኸመይ ይመለሱ ? ድሕንነቶም ከመይ ይረጋገፅ ? ከጋጥሞ ፀገማት መን 'ዩ ዝፈትሖሎም? ዝብሉ ሕቶታት ተላዒሎም፡፡መሰረታዊ ዝኾኑ መትከላት ኣቕሚጥና፤ ንምንታይ ኢና ይመለሱ እንብል ዘለና፤ ከመይ ኢሎም 'ዮም ይመለሱ እንብል ዘለና ዝብል ጉዳይ ተላዒሉ 'ዩ ፡፡ግና ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱ ኣለዎም ፡፡ካልኣይ ጉዳይ ሕገ መንግስታዊ መሰሎም 'ዩ፡፡ሳልሳይ ሰብኣዊ መሰሎም 'ዩ፡፡ራብዓይ እዞም ዜጋታት ናብ መረበቶም ክምለሱ ከለዉ ብሰላማዊ መገድን ድሕንቶም ብዘረጋገፅ ክፍፀም ኣለዎም 'ዩ፡፡ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ብዘፍርስ ኣካይዳ 'ውን ኣይኾነን፡፡ኣብ ፕሪቶሪያ እኮ ኣከራኻሪ ተባሂሎም ዝኣተዉ ቦታታት ካልኦት ቦታታት ኣከራካሪ ስለዘይኾኑ 'ዮም፡፡ኣካራኻሪ ቦታ ስለዘሎ 'ዩ፤ ተዘይህሉ ነይሩ ኣብ ፕሪቶርያ 'ውን ኣይመኣተወን ነይሩ፡፡ስለዚ እዚ ኣካራኻሪ ቦታ እዚ ከመይ ኢልና ኢና ጎንፂ ከይፈጠርና ሰብኣውን ሕገመንግስታውን መሰል ህዝብና ነረጋግፅ ዝብል 'ዩ እቲ መሰረታዊ ሕቶ ኾይኑ ዝተቐመጠ፡፡እዚ እንተኾይኑ ከመይ ገይርና ኣብቲ ቦታ ዘሎ ድሕንነት ነረጋግፅ ፤ እዚ ከረጋገፅ ዝኽእል ሓይሊ ፌደራል 'ዩ፡፡ስለዚ ኣብዚ ኸባቢ ዘሎ ዕጡቕ ሓይሊ ከፅሪ ፣ ከውፅእ ፣ ዕጥቂ ከፍትሕ መከላከያ ሓይልን ፌደራል ሓይልን ተወዲቡ ኣትዩ ክቆፃፀር ኣንፈት ኣቕሚጥና፡፡ዝተመዛበለ ህዝብና ብዝተወደበ መንገዲ ግዝያዊ ምምሕዳር ኣበይ ጣብያ ኣበይ ወረዳ ከምዝተመዛበለን ኣበይ ከምዝኣቱን ብዝተወደበ መገዲ ከምፅእ፤ ተቐቢሉ ብሰላማዊ መገዲ ናብ ገዝኡ ክኣቱ ኣካላት ፌደራል ፀጥታ ድሕንነቱ ከረጋግፅሉ ክግበር ፤ ኩሎም ዝተመዛበሉ ኣካላት ሰባት ከየንጠባጠቡ ናብ ገዞኦም ክምለሱ ዕጥቂ ዝሓዘ ሓይሊ ግን ከይህሉ ካብ ፌደራል ወፃኢ እዚ ድማ ጎንፂ ከይፍጠር ተባሂሉ 'ዩ ኣንፈት ተቐሚጡ፡፡ፌደራል ፀጥታ ኣካላት ብቀጥታ ናብ ስራሕ 'ዮም ኣትዮም፡፡ትልሚ ኣውፂእና ስምሪት ሂብና ሓይሊ ወዲብና ኢና ናብ ስራሕ ኣቲና፡፡እዚ ኣንፈት እዚ ተዳሒዙ ህዝቢ ናይ ምምላስ ከይዲ ግና ኣይተፈፀመን፡፡ምምላስ እንድሕር ተኻኢሉ ተመሊሱ ከመይ ይመሓደር፤ እንድሕር ተመሊሱ ናይ መጀመርያ ጉዳይ ምምሕዳር ናይ ምምራፅ ናይቲ ማሕበረሰብ 'ዩ፡፡ጣብያ ፣ወረዳ ኣማሓዳሪኡ ባዕሉ ይምረፅ ማሓውር መንግስቲ ይመስርት ፣ በጀት ብቀጥታ ይርከብ ፣ ኣብ ከይዲ እዚ እናገበረ እቲ ኣብ መሬት ዘሎ ኩነታት ግና መረፃን ህዝበ ውሳነ ንክገብር ዝኽእል ኩነታት ምህላዉ ቦርድ መረፃ ምስኣረጋገፀ ካልኦት ሳልሳይ ወገን ዘለዉዎ ምስክራትን ተዓዘብትን ኣብ ዘለዉዎ ህዝበ ውሳነ ምክያድ ይካኣል 'ዩ ተባሂሉ ኣንፈት ተቐሚጡ 'ዩ ናብ ስራሕ ተኣትዩ ነይሩ፡፡እዚ ብግልፂ ተመያይጥናሉ ኢና ናብ ተግባር ክወርድ ኣንፈት ኣቕሚጥና ፤ ተንቀሳቒስና 'ውን ኢና ፤ ግና እታ ሰነ'ውን ኣምሊጣትና ድሕሪ ሰነ 'ውን ተዛቲና ፤ እንተናኣስ ቅድምያ ንህዝብና ድሕንነት ንሃብ ናብ መረበቱ ይመለስ ካልኦት ኣጀንዳታት ግዜ ሂብና 'ውን እንተተዘራራብናሉ ፀገም የብሉን፡፡

ድሕሪ እዚ 'ዩ ካልኦት ሕቶታት ክምለስ ዝኽእል ፤ እንተስ ሕቶ መሬት ይኹን ካልኦት ሕቶታት ሕገመንግስታዊ ብዝኾነ መገዲ እዚኦም ምምላስ 'ውን ዘይተኸኽኣለ ቅድም ኢሎም ዝተገለፁ ናብ መሬት ምውራድ ስለዘይተኽኣለ 'ዩ'ምበር ሓንቲ መዓልቲ ብዛዕባ ተመዛበልቲ ህዝብና ከይተዛራረብና ዝደቀስናሉ እዋን የለን፡፡ኣብ ዝሓለፈ ገምጋም 'ውን እዚ ጉዳይ ተላዒሉ 'ዩ፡፡ፍታሕ ዝርከበሉ ኩነታት ንምፍጣር ኣንፈታት ተቐሚጦም ኮሚቴ ተጣይሹ ክሳብ ኸዚ ዘሎ ፀገማት ተገምጊሞም ብፍጥነት ናብ ተግባር ኣንፈት ተቐሚጡ 'ዩ፤ እዚ ናብ ተግባር ንክቐየር እናተፀበና ኢና፡፡ስለዚ ቅድሚ እቲ ገምጋም 'ውን ሱቕ ኣይበልና ካልእ ፖለቲካ ኣጀንዳ 'ውን ክሕወሶ ስለዘይብሉ፡፡ኣካይዳ ፌደራል መንግስቲ 'ውን እዚ 'ዩ ኢልና ኣቕሪብና ኢና፡፡ዝሓሸ ኣካይዳ እንድሕር ሃልዩ 'ውን ይምፃእ ኢልና ኢና፡፡ንሕና ዘይፈለጥናዮ ንህዝቢ ሰላማዊ ኩነታት ዝፈጥር ኣካይዳ እንድሕር ሃልዩ 'ውን ንሕና እንደሊ እዚ 'ዩ፡፡ኣነ ድማ ከም ትግራዋይ ካብዚ ንላዕሊ ኣጀንዳ ዝገብሮ ነገር የለን ዒስራን ኣርባዕተን ሰዓት ሓሳበይ እዚ 'ዩ፡፡ህዝበይ ተመሊሱ ከይራእኹ ዝዓርፈሉ ደቂቃ ዝህሉ ኣይመስለንን፡፡

**ሕቶ፡- ፌደራል መንግስቲ ዝፍቀድ ብዝመስል መልክዑ ዕንደራ ፅንፊ ዝሓዙ €€ዕጡቓት ኣምሓራን ከምኡ 'ውን ወራሪ ሰራዊት ሻዕብያ« ኣብ ብርክት ዝበሉ መሬታት ትግራይ ይርከቡ እዚ መንግስቲ ፍታሕ ዘየምፅኣሉ ምኽንያት እንታይ 'ዩ?**

**ዶ/ር ኣብርሃም፡-** ከምቲ ቅድም ኢለ ዝገለፅኩዎ ኣከራከርቲ ቦታ ተዘይኾይኖም እቶም ካልኦት ቦታታት በተለይ ምስ ሓይሊ ኣምሓራ ተደሒዙ ዝለዓል ጉዳይ ውሽጣዊ ጉዳይ 'ውን ስለዝኾነ ኣከራኽርቲ ቦታታት (ኮንቴስትድ ኤርያ) ዝባሃሉ እቲ ቅድም ኢለ ዘቐመጥናዮ ኣንፈት 'ዩ ፍታሕ ዝህቦ፡፡ኣብዚ ኸባቢ ካብ ፌደራል ሓይሊ ወፃኢ ማንም ዝተዓጠቐ ሓይሊ ከይህሉ ፌደራል መንግስቲ ሓላፍነት ወሲዱ ይሰርሕ ኣሎ 'ዩ፡፡እተን ኣከራኻሪ ቦታታት ዘሉ ካብ ፌደራል ወፃኢ ዘሎ ዕጡቕ ሓይሊ ካብቲ ቦታ ክወፅእ ፌደራል መንግስቲ ሓላፍነቱ ወሲዱ ይሰርሕ ኣሎ ፡፡ቅድሚ ፕሪቶርያ ብዙሓት ኸባቢ ትግራይ ኣብ ኢድ ሓይሊ ሻዕብያ ኣቲይዎ ነይሮም 'ዮም፡፡ድሕሪ ፕሪቶርያ ኣብዝሓ ቦታታት ክወፅእ ክኢሉ 'ዩ፤ ኸዚ 'ውን ዝተረፉ ቦታታት ኣለዉ፤ ኣብ ገምጋም 'ውን ርኢናዮ ኢና፡፡ኸዚ 'ውን እተን ተሪፈን ዘለዋ ቦታታት ኣብ መሬት ወሪድኹም ፌደራልን ክልልን ዝተወፃፀአ ሰብ መዲብና ኣየናን ከባቢታት 'የን ሓይልታት ሻዕብያ ዘለዉዎ ኣፃሪኹም ብዝርዝር ይቕረብ ፍታሕ ክንህበሉ ኢልና እናሰራሕና ኢና ንርከብ፡፡ስለዚ ዝገደፍናዮ ኣጀንዳ የለን ኹሉ እናሰራሕናሉ ኢና፡፡ኹሉ ኸዓ መስመር ክድሕዝ 'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ፡፡



**ሕቶ፡-ኸዚ ኣብ ትግራይ ኣጋጢሙ ዘሎ ድርቂ ፤ እዚ ድርቂ ካብ ፌደራል ተወኪሉም ኸይደም 'ውን ዝራኣይሉ እዋን ኣሎ ፤ከም ሓደ ባዓል ስልጣን ፈፃሚ ስራሕ ዉድብ ብልፅግና ነዚ ኹነታት እዚ ከመይ 'ዮም ዝሪእዎ ?**

**ዶ/ር ኣብርሃም፡-** ዓሚ ብንደልዮ፣ መልከዑ ዝናብ ዘይረኸብናሉ እዋናት 'ዩ፡፡ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ድማ እተን ዝተርኣያ ፈርያት 'ውን ብምኽንያት ኣንበጣ ዝተሳኣናሉ ግዜ 'ዩ፤ ኣብዝሓ ቦታታታት ድማ ገባርና ተረጋጊዑ ናብ ሕርሻ ዝኣተወሉ ኩነታት ስለዘይነበረ እቲ ፀገም ተደራራቢ ስለዝኾነ እቲ ድርቂ ኸቢድ ገይርዎ 'ዩ፡፡ስለዚ በቲ ዝተለመደ ሓገዝ ፍታሕ ክርከብ 'ዩ ኢልካ ምዝንጋዕ ኣየድልን፤ ሓገዝ ስለዘይኸደ ኣይኮነን ብፌደራል መንግስቲ ኾነ ብመዳርግቲ ኣካላት ሓገዝ እናበፅሐ 'ዩ፡፡ብቑፅሪ 'ውን ይፍለጥ 'ዩ፤እዚ ግና ምስቲ በፂሑ ዘሎ ፀገም እኹል ድዩ. ኢልካ ምርኣይ ብጣዕሚ ኣድላይ 'ዩ፡፡እቲ ዝላኣኽ ዘሎ ሓገዝ ኣብቲ ሕብረተሰብ ይበፅሕ ኣሎ ድዩ ኣይበፅሐ ዘሎን ኢልካ ምርግጋፅ 'ውን ሓደ ነገር 'ዩ፡፡ ኹሉ ንትግራይ ሓገዝ ክረባረብ ግልፂ ዝኾነ ኣንፈት 'ዩ ተቐሚጡ፤ ነዚ 'ዩ ሕድሕድ ሚኒስቴር መስሪያ ቤት ናብ ትግራይ እናኸዳ ሓገዝ ዝገብራ ዘለዋ ፤ ሞያዊ ሓገዝ እታዎታዊ ሓገዝ ዝግበር ዘሎ፡፡ግና እቲ በፂሑ ዘሎ ድርቂ በዚ ዝምለስ ድዩ ፤ እቲ ዘሎ ሓገዝ ይጠናኸር ዝውሰኸሀ ሓገዛት ይወሰኽ እቲ ኸዚ ዘሎ ኩነታት ግና ኢንቨንተሪ ይሰራሕ ተባሂሉ ከምቲ ዝራእኽምዎ ተወከልቲ ፌደራል ሞያተኛታት ኮሚቴ ተዳራጅዮም ኣብ ስራሕ 'ዩ ዘሎ፤ እቲ ኻልኣይ ንትግራይ ድርቂ ሓገዝ ዝተሓባበር ብሄራዊ ኮሚቴ ካብ ፌደራልን ክልልን ትግራይን ኣነ ባዕለይ ዘለኽዎ ተጣይሹ 'ዩ፡፡ትልሚ ኣውፂእና ኢና ዕላዊ ክንገብሮ ኢና፡፡ኹሉ ስለ ትግራይ ዝሓስብ ትግራይ ንክትሓዊ ዝምነ ኣካል ኣብዚ ሰዓት እዚ ዕድላት እናዳለውና ኢና ሰብ ሃፍቲ ፣ ምሁር ፣ ገባር፣ ዳያስፖራ ኹሉ ኢትዮጵያዊ ህዝቢ ትግራይ እቲ ኸዚ በፂሕዎ ዘሎ ድርቂ ሓዊሱ ክረባረብ በዚ ኣጋጣሚ ፃውዒተይ የቕርብ፡፡

**ሕቶ፡- ድሕሪ ፕሪቶርያ ኣብ መብዛሕትአን ከተማታት ትግራይ ሰላምን ፀጥታን ኣብ ሕቶ ይኣቱ ኣሎ፤ እዚ ከመይ 'ዩ ዝፍታሕ ይብሉ?**

**ዶ/ር ኣብርሃም ፡-** ከም ሃገር ጉዳይ ፀጥታን ድሕንትን ኣሰራርሓ ኣለዎ 'ዩ፡፡ምንም 'ኳ በቲ ተፈጢሩ ዝነብረ ፀገም ክፍተታት እንተሃለወ፤ እቲ ኣብ ከተማ ዝረአ ብውልቀ ሰባት ዝስራሕ ገበናት በቲ ምምሕዳር ወገን ፍታሕ ዝዋሃቦ ጉዳይ 'ዩ፡፡ኩነታት ትግራይ ድሕሪ ብዙሕ ኹናት እሞ ድማ ብዙሕ ዝተዓጠቐ ሓይሊ ዝተበተነሉ ፤ ብዙሕ ሓይሊ ስራሕ ዝተሰኣነሉ ፤ ብዙሕ ኣብ ፀገም ዝወደቐሉ ስለዝኾነ እቲ ዓይነት ገበን ሰፊሕ 'ዩ፡፡ውልቀ ሰባት ንብረት ዝምንዝዕሉ ፣ ገዛውቲ ዝዘርፍሉ ፤ ሰባት ንእሽተን እንድሕር ፀልሚቱ ዝድንግፅሉ ፤ ተረጋጋያም ምንባር ስግኣት ዝኾነሉ ኩነታት ይረአ ኣሎ 'ዩ፡፡እቲ ዓይነት ገበን 'ውን ሓደ ዓይነት ዘይኾነ እቲ ሓደ ሓደ ሽርሒ ኢኮኖሚ ዘለዎ ፤ ዝተወደበ ዝርፍያ ፤እዚ ኹሉ ንምስትኽኻል ዝተናበበ ወፍሪ ክንኣቱ ኢና፡፡ኣብ ፀጥታ ጉዳይ ድማ ተጠናኺሩ ንክቕፅልን ኣድላይ እንተኾይኑ ድማ ብፌደራል መንግስቲ ሓገዝ ዝግበርሉ ክንሰርሐ ኢና፡፡

እቲ ዝተኣሳሰረ ዝተናበባ ጉጅሊያዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ካብ ደንበር ተሳጊሩ 'ውን ዝሓልፍ ሃፍቲ ዘረፉ ንትግራይ ጥራሕ እንተይኾነስ ንሃገር 'ውን ሓደጋ 'ዩ፡፡ዝተወሰኑ ኣካላት ጅቦኦም ዝመልእሉ ብዙሓት ድማ ኣብ ፀገም ዝወድቕሉ እዚ ፀገማት ትግራይ ብዝፈትሕ ተይኾነስ ገበናት ዝሰፍሑሉ ኩነታት 'ዩ ዝረአ ዘሎ፡፡እዚ ሱቕ እንድሕር ኢልናዮ ሓደገኛ ስለዝኾነ ኣብ ትግራይ ስርዓት ንክይህሉ ዝገብር ስለዝኾን ፤ ኣብ ትግራይ ዘሎ መንግስቲ ዘዳኽም ስለዝኸውን ግዜ ከይሃብና መፍትሒ ክንደልየሉ ኢና፡፡ምስ ግዝያዊ ምምሕዳር ተናቢብና ብዙሓት ፀገማት ክንፈትሕ በዚ ኣጋጣሚ ክገልፅ ይደሊ፡፡

# መንግስቲ ጎንፂ ብዘይፈጥር...

ብሰላማዊ መገዲ ናብ ገዝኡ ክኣቱ ኣካላት ፌደራል ፀጥታ ድሕንነቱ ከረጋግፅሉ ክግበር ፤ ኩሎም ዝተመዛበሉ ኣካላት ሰባት ከየንጠባጠቡ ናብ ገዞኦም ክምለሱ ካብ ፌደራል ወፃኢ ዕጥቂ ዝሓዘ ሓይሊ ከይህሉ እዚ ድማ ጎንፂ ከይፍጠር ተባሂሉ 'ዩ ኣንፈት ተቐሚጡ 'ዩ ኢሎም፡፡

ፌደራል ፀጥታ ኣካላት ብቀጥታ ናብ ስራሕ 'ዮም ኣትዮም፤ ትልሚ ኣውፂእና ስምሪት ሂብና ሓይሊ ኣወዲብና ኢና ናብ ስራሕ ኣቲና፤ እዚ ኣንፈት እዚ ተዳሒዙ ህዝቢ ናይ ምምላስ ከይዲ ግና ኣይተፈፀመን ዝበሉ ኣብርሃም በላይ (ዶ/ር) ፤ ምምላስ እንድሕር ተኻኢሉ ተመሊሱ ከመይ ይመሓደር ዝብል ሓሳብ ብምልዓል መንግስቲ ጎንፂ ብዘይፈጥር መገዲ ተመዛበልቲ ንምምላስ እናሰርሐ 'ዩ ኢሎም፡፡

ኣብ ማንም ዜጋ ክፍጠር ዘይትደልዮ 'ዩ ህዝብና ገጢምዎ ዘሎ ፤ ብኣና ወገን ሱቕታ ይኹን ዕረፍቲ የለን ዝበሉ ዶክተር ኣብርሃም፤ ፅባሕ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ናይ መጀመርያ ኣጀንዳና ብቕልጡፍ ህዝብና ናብ ገዝኡ ንመልሶ ካልእ ኣጀንዳ ነርክበሉ ኢና ዝብል 'ዩ ኢሎም፡፡ህይወት ህዝቢ ይድሓን ፣ ሰብኣዊ መሰል ህዝቢ ይረጋገፅ ፣ ሕገ መንግስታዊ መሰል ይረጋጋፅ ክሳብ ኸዚ ዕረፍቲ ዘይሃበና ናይ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ናይ ምምላስ ጉዳይ 'ዩ ክብሉ ኣብሪሆም፡፡

ዓሚ ቅድሚ ሰነ ክረምቲ ከየርከበ ተመዛበልቲ ክምለሱ ኣለዎም ዝብል ኣንፈት እንተነበረ 'ውን ክምለሱ እንተኾይኑ ብኸመይ ይመለሱ ? ድሕንነቶም ከመይ ይረጋገፅ ? ከጋጥሞ ፀገማት መን 'ዩ ዝፈትሐሎም? ዝብሉ ሕቶታት ከምዝተልዓሉ ኣዘኪሮም፡፡

ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ምምላስ ጉዳይ ሕገመንግስታዊ መሰሎም ፤ ሰብኣዊ መሰሎም 'ዩ ዝበሉ ኣብርሃም በላይ (ዶ/ር) ፤ እዞም ዜጋታት ናብ መረበቶም ክምለሱ ከለዉ ብሰላማዊ መገድን ድሕንቶም ብዘረጋገፅ ክፍፀም ኣለዎ ፤ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ብዘፍርስ ኣካይዳ 'ውን ክኾን ኣይግባእን ኢሎም፡፡

# ፕሮጀክት ገርዓልታ ካብ...

እዚ ፕሮጀክት ኣብ መፅናዕቲ ዝተመስረተን ማሕብረሰብን ምሁራትን ተጋሩ ዝተሳተፉሉ ናይ መፅናዕቲ ስራሕቲ ዝተገበሮ 'ዩ ዝበላ ወ/ሮ ኢትዮጵያ፤ በፃሕቲ ዓዲ ብመስሓብ ተጠቃምነት ቱሪዝም ከመፅእ ብምግባር ዝጠቅምን ከም ዓዲ 'ውን ለውጢ ዘምፅእን 'ዩ ኢለን፡፡

ከም ኣገላልፃ ወ/ሮ ኢትዮጵያ፤ እቲ ፕሮጀክት ብበጀት መንግስቲ ፌደራል ዝስራሕ እንተኾነ 'ውን ከም ክልል ትግራይ እቲ ስራሕ ብኣንፃር ልምዓትን ተረባሕነት እቲ ማሕብረሰብን ዘለዎ ኣበርክቶ ብምረኣይ ኣብ መፈፀምታ ንክበፅሕ ከም ቢሮ ይኹን ከምቲ ናይቲ ከባቢ ምምሕዳር ኣድላዪ ምትሕብባርን ክንሕግዞ እንኽእል ክንሕግዝ ኢና፡፡

እቲ ስራሕ ንምጅማር እምነኹናዕ እንትግበር ላዕለዎት መራሕቲ መንግስቲ ፌደራልን ክልል ትግራይን ከም ዝትረኸቡ ዘዘኻኸራ ወ/ሮ ኢትዮጵያ፤ ይኹን'ምበር እቲ ፕሮጀክት ኣብ ቀረባ እዋን ዝጀመረ ስለዝኾነ እቲ ስራሕ ገና ይጀማምር ኣሎ ኢልካ ዝትወስዶ 'ምበር ቅድሚ ሐዚ ዓቢ ስራሕ ተሰሪሑ 'ዩ ዘብል ኣይኮነን ክብላ ወሲኸን ኣረዲአን፡፡

እዚ ፕሮጀክት ምስ እቲ ኸባቢ ዝተወሃሃደ ኢኮ-ሎጅ ብምዃኑ፣ ተፈጥሮ ብዝዓደሎ ሰንሰለታዊ ጎቦታት ገርዓልታ 270 ዲግሪ ንምርኣይ ዘኽእል እንትኸውን፣ኣብ ዓለም ካብ ዝርከቡ ተመረፅቲ መባፅሕ ኸባቢ ቱሪዝም ኣብ ቅድሚት ካብ ዝስርዑ ክኸውን'ዩ ኢለን፡፡

ፕሮጀክት ገርዓልታ ሎጅ፥ ብኣገባብ ዝቐደሙ ፕሮጀክትታት ዝተኸየደሉ ውዕኢታዊ ኣፈፃፅማ፣ ክትትልን ድጋፍን ተግባራዊ ክግበር 'ዩ፡፡ በዚ መዳይ ኣብ ሓደ ዓመት ተዛዚሙ ንበፃሕቲ፣ ንህዝቢ ክፍቲ ክኸውን 'ዩ ዝብል ብፅኑዕ ከምዝተኣመነሉ ሚኒስትር ምክልኻል ዶክተር ኣብርሃም በላይ ኣብቲ ቦታ ተረኺቦም ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ገፆም ምግላፆም ዝዝከር 'ዩ፡፡

# «ኢትዮጵያውያን ካብ ዓወት ካራ ማራ...

ንኢትዮጵያዊነት ቐዳምነት ክህቡን ሉኣላዊነት ሃገር ክሕልዉን ከምዝግብኦም ኣብቲ ዓውደ ውግእ ዝተሳተፉ ብርጋዴር ጀነራል ዋሲሁን ንጋቱ ገሊፆም፡፡ ኢትዮጵያውያን ኣብ ወርሒ ለካቲት ካብ ዘኽብርዎም ዓወታት እቲ ሓደ ዝኾነ ዓወት ካራ ማራ ዝሓለፈ ሰሉስ መበል 46 ዓመት በዓል ዓወቱ ተዘኪሩ 'ዩ፡፡

ብርጋዴር ጀነራል ዋሲሁን ነቲ በዓል ዓወት ምኽንያት ብምግባር ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ዓወት ካራ ማራ ብዙሓት ናይ ህይወት መስዋእትነት ኸፊሎምሉ ዝተመዝገበ 'ዩ፡፡ ኢትዮጵያውያን ዶብ ንምሕላው ኹልግዜ ዘብዒ ክቕሙ ኣለዎም፡፡

እቲ ኲናት ዝተኻየደ ዶብ ጥሒሱ ንዝኣተወ ወራሪ ሰራዊት ሶማሊያ ካብ ሃገር ኸወፅእ ብምግባር ሉኣላዊነት ኢትዮጵያ ንምኽባር እንትኸውን፤ ኣብቲ ዝተኻየደ ኲናት ብርጋዴር ጀነራል ዋሲሁን ንኽልተ ግዜ ከምዝተሰለፉ ኣዘኻኺሮም፡፡ካብ ባዕዳውያን ወረርቲ ጣልያንን ኢንግሊዝን ናፅነታ ኣብ 1952 ዓ.ም ዝረኸበት ሶማሊያ ኣብ ፅባሕ ናፅነታ ንሶማሊያ ን21 ዓመታት ዘመሓዳደሩ ዚያድ ባሬ፤ ነታ ዓባይ ሪፐብሊክ ሶማሊያ ንምምስራት ብዝብል "ወሰንና ክሳብ ኣዋሽ ይበፅሕ 'ዩ" እናበሉ ብምፍካር ነጋሪት ኲናት ምጉሳሞም ዝዝከር 'ዩ፡፡

ንህዝቢ ብምትሕብባር ኣብቲ ታጠቅ ተባሂሉ ዝተሰየመ መሰልጠኒ 300 ሽሕ ሚሊሻ ኣብ ሰለስተ ኣዋርሕ ብምስልጣን፣ 26 ለካቲት 1970 ዓ.ም ብተሳትፎ ወታደራት ኩባን የመንን 'ውን ሓዊሱ ንመሊስካ ምጥቃዕ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንሰራዊት እቲ ምኩሕ ዚያድ ባሬ ኣብ ካራ ማራ ብምስዓሩ ሰዓራይነት ኢትዮጵያ ኣብ ኣደባባይ ክእወጅ ክኢሉ፡፡

ወለዶ እዚ እዋን ካብ ዓወት ካራ ማራ ስምዒት ፍቕሪ ሃገርን ሓድነትን ክመሃር ኣለዎ፡፡ ኲናት ዘጥፍእ፣ ዘዕንውን ዘኽስርን ምዃኑ ክግንዘብ፣ ዋጋ ሰላም 'ውን ክርዳእ ይግባእ ኢሎም፡፡ ዝተኻየዱ ኲናታት ብዙሕ ናይ ህይወት መስዋእትነት ከምዘኽፈሉ፣ ኣካል ከምዘጉደሉን ንብረት ከምዘዕነዉን ኣመላኺቶም፡፡

"ካብ ኲናት ንጥቀሞ ነገር የለን፣ ይኣክል" ዝበሉ ብርጋዴር ጀነራል ዋሲሁን፤ዋጋ ሰላም ምግንዛብ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ሰላም ንኽዓስል ምትሕብባር ከምዝግባእ 'ውን ተዛሪቦም፡፡

ኲናት ዘኽስብ ኣይኮነን፡፡ ንኣፈላላያት ብሰላማዊ መገዲ ክንፈትሕ ኣለና ዝበሉ እቶም ብርጋዴር ጀነራል፤ ባህሊ ዝርርብ ክነማዕብል ይግብኣና ክብሉ ሓቢሮም፡፡

ከም መብርሂ ብርጋዴር ጀነራል ዋሲሁን፤ ልዕልነት ሕጊ ክኽበር ኣለዎ፤ ተሓታትነት ምዕሳል የድሊ፣ ንፁሃን ንኸይጉድኡ 'ውን ሓለዋ ብምግባር ኹሉ ሓላፍነቱ ክዋፃእ ኣለዎ፡፡

ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ንኣልሸባብ ብምውጋእ ሰላም እቲ ከባቢ ብምሕላው ዝለዓለ ግደ እናተፃወተ ከምዝርከብ ኣመላኺቶም፡፡

ኣብ 1953 ዓ.ም ብናይ ዶብ ትንኮሳ ጀሚሮም ኣብ 1956 ዓ.ም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብድረሺ ኣሊ ሸርማርኬ ከምኡ 'ውን ኣብ 1969፣ 1972ን 1973ን ዓ.ም ድማ ፕሬዝዳንት ዚያድ ባሬ (ሜጀር ጄኔራል) ሰራዊት ሶማሊያ ንዶብ ኢትዮጵያ ጥሒሱ ንኽኣትውን ወረራ ንኽፍፅምን ንሰራዊቶም ከምዝኣዘዙ ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡ 'ዩ፡፡

# ኣብ በልጊ ተጠቀምቲ ዝኾና ከባቢታት...

ብበዝሒ ተጠቀምቲ ዝረከባሉ ከባቢታት ደቡብ ብስፍሕት ንምስራሕ ብሓፈሻ ኣብ በልጊ ተጠቀምቲ ዝኾና ከባቢታት ናብ 15 ሽሕ ሄክታር ክነልምዕ ተሊምና ንሰርሕ ኣለና ዝበሉ ኣይተ ምኪኤል፤ ክሳብ ሐዚ ድማ ናብ 2548 ሄክታር ዝኣክል ብዝተፈላልዩ ዓይነት ዝራእቲ ይለምዕ ኣሎ ክብሉ ገሊፆም፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ናይ ልምዓት መስኖ ስራሕትና 'ውን ካብ ዝራእቲ ኣሕምልቲ ብተወሳኺ ብርክት ዝበሉ ዓይነታት ዘርኢ ከም ዓይነታት ዘርኢ ኣዕታር ዝበሉ ክበቁሉ ዝግበረሉ ኩነታት ከምዘሎ ገሊፆም፡፡

ከም መብርሂ ኣይተ ምክኤል፤ ምስ ቀረብ መሰረታዊ እታወታት ተተሓሒዙ ከም ክልል ኣብዚ እዋን ከም ስርናይን ጣፍን ዝበሉ ምሩፅ ዘርኢ ናይ ምርባሕ ስራሕቲ ብምስራሕ ንቀፃሊ ናይ ዘርኢ ኣቕርቦት ውሕስ ንምግባር ይስራሕ ኣሎ፡፡

ኣብ ቀረብ ማዳበርያ ብዝምልከት ዝሓለፈ ክረምቲ ብዝተፈላለየ ምኽንያት እታወታት ማዳበርያ ድሒሩ ዘምፅእ ብምንባሩ ነቲ ሓረስታይ 'ውን ዘንጊዑ ዝበፅሐ ስለዝነብረ ብዙሕ ኣብ ጥቅሚ ዘይወዓለሉ ኩነታት ነይሩ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ምክኤል፤ ሎሚ ዘበን ግና ብዝተፈለየ ሚኒስቴር ሕርሻ ብዘውፅኦ ፕሮግራም መሰረት ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ብርክት ዝበለ ማዳበርያ ናብ ክልልና ኣትዩ ኣሎ ብምባል፤ ብዝጠለብናዮ መሰረት ንክበፅሐና ምሉእ ተስፋ ኣለና ክብሉ ሓቢሮም፡፡

ወጋሕታ **ዜና**

# ልዕሲ 132 ሽሕ ኣብ ዝኾኑ ቦታታት ፈልስታት ይዳለው ኣለው

- **ሎሚ ዓመት 6 ነጥቢ 5 ቢሊዮን ፈልስታት ክትከሉ ”ዮም**

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ፦ ንመርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ሎሚ ዓመት ልዕሊ 132 ሽሕ ዝኾኑ ቦታታት ፈልሲ ከምዝተዳለዉ ሚኒስቴር ግብርና ኣፍሊጡ። ሽዱሽተ ነጥቢ ሓሙሽተ ቢሊዮን ፈልስታት ንምትካል ከምዝተተለመ ‘ውን ተገሊፁ።

ኣብ ሚኒስቴር ግብርና መራሒ ፈፃሚ ስራሕ ልምዓት ሓለዋን ኣጠቓቕማን ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘፈር ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ፋኖሴ መኮንን ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ንመርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ሎሚ ዓመት ልዕሊ 132 ሽሕ ኣብ ዝኾኑ ቦታታት ፈልስታት ይዳለው ኣለው፡፡

ንመርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ሎሚ ዓመት 132 ሽሕን 144 ቦታታት ተዳሊዎም ፈልሲ እናለምዐሎም ይርከብ ዝበሉ ኣይተ ፋኖሴ፤ በቲ መርሃ ግብሪ ብብርኪ ሃገር ሽዱሽተ ነጥቢ ሓሙሽተ ቢሊዮን ዝተፈላለዩ ፈልስታት ንምትካል ከምዝተተለመ ተዛሪቦም።

ቦታታት ፈልሲ ብማሕበራትን ብፐሮጀክትታት መንግስትን ተደጊፎም ዓቕሞም ንኽዕብዩ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ‘ውን ገሊፆም።

ሎሚ ዓመት ንኽትከሉ ትልሚ ካብ መንጎ ዝተትሓዘሎም ፈልስታት 60 ሚኢታዊ ዘፈር ብዙሕ ረብሓ ዘለዎም ከምዝኾኑ ብምግላፅ፤ ካብቶም ዝተረፉ 40 ሚኢታዊ ፈልስታት ደኒ ውሽጢ ዓዲ ነቲ 25 ሚኢታዊ ኣብ ተፋሰስ ኣባይ ንምትካል ከምዝተተለመ ሓቢሮም።

እቶም ዘፈር ብዙሕ ረብሓ ኣብ ዘለዎም ውሽጢ ዝካተቱ ፈልስታት ፍራምረ፣ ምግቢ ከፍቲ፣ ዓርቃይን ከተማ ዘፀብቑ ኣእዋምን ‘ዮም፤ እዚኣቶም ‘ውን ኣብ ቦታታት ፈልሲ እናለምዑ ይርከቡ ኢሎም። ንሽፋን ደኒ ዝውዕሉ ፈልስታት ‘ውን ብተመሳሳሊ እናለምዑ ምኺኖም ኣረዲኦም።

ብመርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ሃገርና ኣብ ፈላማይን ኻልኣይን ምዕራፍ 50 ቢሊዮን ፈልስታት ንምትካል ተተሊሙ እናተሰርሐ ምኺኑ ዝገለፁ ኣይተ ፋኖሴ፤ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት 32 ነጥቢ 5 ቢሊዮን ፈልስታት ተተኺሉ ኢሎም።

ኣብቶም ዝመፁ ሰለስተ ዓመታት ውሽጢ እቶም ዝተረፉ 17 ነጥቢ 5 ቢሊዮን ፈልስታት ከምዝትከሉ ገሊፆም ፡፡ኣብ ፅርየት ዝንባለ ብምግባር ነቲ ዝተተለመ ንምስኻዕ ምድላው እናተገበረ ከምዝኾነ ገሊፆም።

ኣብቲ ናይ ክረምቲ መርሃ ግብሪ ስራሕቲ ሓምለዋይ ዓሻራ ስነ-ህይወታዊ ሓለዋ ሓመድን ማይን ከምዝሳለጡ ብምሕባር፤ ንፈልስታት ስነ-ምህዳር መሰረት ዝገበረ መትከሊ መሬትን ቦታታት ፈልስን ናይ ምድላው ስራሕቲ እናተሰርሐ ‘ዩ ኢሎም።



ስራሕቲ ሓለዋ ሃፍቲ ተፈጥሮ ኣብ ምድላው፣ ትግበራን መዛዘምን መርሃ ግብርታት ተኸፊሉ ዓመት ምሉእ ዝስራሕ ምኺኑ ብምግላፅ፤ ምድላው ቦታታት ፈልስን ፈልስታትን ምስፋሕፋሕ ኣድላዪ ከምዝኾነ ሓቢሮም።

ሕብረተሰብ ንልምዓት ተፋሰስን ሓምለዋይ ዓሻራን ብመንፈስ ውድድር እናተግበረ ከምዝርከብ ‘ውን ጠቒሶም።

# ቤት መዘጋጃ ከተማ መቐለ ሃፍተ ገነት እታ ከተማ መሰረት ብዝገበረ ትልሚ እናሰርሐ ምኻኑ ገሊፁ

ብሃፍተ ገነት እታ ከተማ መሰረት ዝገበረ፣ ዝዕቀንን ህዝቢ ዘሳተፈ ትልሚ ብምድላው ናብ ተግባር ከም ዝተኣተወ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ መቐለ ኣይተ ወረስ ገ/ፃድቃን ገሊፆም።

ኣፈፃፅማ መደባት 1ይ ፍርቂ ዓመት 2016 ዓ/ም እንተቐርቡ እቶም ሓላፊ ከምዝበልዎ፣ ኣብ መዳይ ዝርገሐ መሰረተ ልምዓት ኣብ ቀዳማይ ዙር ልዕሊ 21 ኪሎ ሜትር ኣስፋልት መንገድታት እንትህነፁ ብካልኣይ ዙር ካብ ዝተትሓዙ 44.5 ኪሎ ሜትር ኣስፋልት መንገድታት ዛጊድ 52.5 ሚኢታዊ ህንፀቶም ተዛዚሙ ‘ዩ ።

ዳግመ ህንፀት ነባራት መንገድታት ከተማ መቐለ ብልዕሊ 2.1 ቢልዮን ብር ኣብ 6 ዓመት ብልቃሕ ዝኽፈል 5.5 ኪሎ ሜትር ከምኡ’ውን ኣብ ክፍለ ከተማ ኲሓ 4.2 ኪሎ ሜትር ኣስፋልት መንገድታት ምስ ሱር ኮንስትራክሽን ዉዕሊ ብምእሳር ኣብ ከይዲ ህንፀት ከም ዝርከቡ ገሊፆም። ካብ ዝሓለፈ ዝዘሩ ስራሕቲ ምንፃፍ እምኒ፣ ፀፀር መንገዲ፣ ናይ ትራፊክን ጎድናታትን መብራህቲ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ንምጅማር ምድልዋት ከምዘሎ ሓቢሮም።

ካብዚ ብተወሳኺ 74 ኪሎ ሜትር ስራሕቲ ፀፀር መንገዲ ብኽብሪ ንዝተመሉሱ ተጋደልቲ ተዋሂቡ ኣብ ከይዲ ይርከብ። ብሓፈሻ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ጠለብን ድሌትን ህዝቢ ቀዳምነት ብምሃብ ይስራሕ ከምዘሎ ብምሕባር ኣብ ዝሓፀረ እዋን ተስፋ ዝህቡ ስራሕቲ ይሳለጡ ከም ዘለዉ እቶም ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ገሊፆም።

ኣብ ከተማ መቐለ ዝሳለጡ ዘለዉ ስራሕቲ መሰረተ ልምዓት ከይዲ ህንፀቶም ብዝምልከት ድማ ከንቲባ ዝመርሖ ኮሚቴ ተጣይሹ ሰሙናዊ ዑደትን ዳህሳስን ብምክያድ ብዝግባእ እናተገምገመ ይምራሕ ከምዘሎ ወሲኾም ገሊፆም።

ከንቲባ ከተማ መቐለ ኣይተ ይትባረክ ኣምሃ፣ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ኣብ ከቢድ እዋን ድፍረት ዝተመልኦም፣ እሞ ድማ ተስፋ ዝህቡ መደባት ልምዓት የሳልጥ ከም ዘሎ ገሊፆም። ኣብ ሓበራዊ መንበሪ ኣባይቲ ዘሎ ፀገም ንምእላይ ጨረታ ወፂኡ መፍትሒ ንምሃብ እናተሰርሐ ከም ዝርከብ ፣ካብ ገፀር ናብ ከተማ ዝኣተዋ ጣብያታት ብዝተኽኣለ መጠን ብመሰረተ ልምዓት ብፍትሓዉነት ንምትእስሳር እናተሰርሐ ከምዝርከብ ኣረዲኦም።

ዝተጀመሩ ፅቡቓት ስራሕቲ ዝያዳ ብምጥንኻር ዝተረፉና መደባት ብኣግባቡ ክፍፀማ ይግበኣን ዝበሉ እቶም ከንቲባ፣ ብፍላይ ህዝቢ ቀዳምነት ዝሃቦም መደባት ብፅሬትን ብሰለጤንን ክፍፀሙ፣ ዝለዓለ ትኹረት ክወሃቦ፣ ስራሕቲ ሓምለዋይ ልምዓት ንከተማ መቐለ ዝምጥን ስራሕቲ ክሳለጥ ከምኡ’ውን ኣብ ዘይሕጋዊ ህንፀትን ዉራ መሬትን ብትኹረት ክስረሐሉ ኣተሓሳሲቦም።

ምክትል ከንቲባ ከተማ መቐለ ኣይተ ኤልያስ ካሕሳይ ብወገኖም ዝኾነ ይኹን ኣብ ከተማና ዝሳለጡ ስራሕቲ ቤት ምኽሪ ከተማና ዘፅደቆ ፕላን ማእከል ዝገበረ ክኸውን ይግባእ ኢሎም። ብፍላይ ምስ ምፍጣር ዕድል ስራሕ ተኣሳሲሮም ዝስርሑ ዘለዉ ኮንቴቲነራት ብኣግባቡ ክምርሑ ኣተሓሳሲቦም። ብተወሳኺ እቶት ከተማ መቐለ ናብ ዝሓሸ ብርኪ ኣብ ምስግጋር፣ ቤት መዘጋጃ ኩሎም ሕጋዊ ዕድላት ብኣግባቡ ክትግብር ከምዝግባእ ገሊፆም ክብል ሓበሬታን ርክብን ከተማ መቐለ ፀብፂቡ ክብል ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

# ክብርትታት ዓወት ዓድዋ...

ኣንፃር ዘርኣዊ ጭቆና ዘጎሃሃረ ከምዝኾነ ታሪኻዊ ዓወት ክተመዝግብ ክኢላ ‘ያ።

ኩሎም ፀለምቲ ህዝብታት በዚ ታሪኻዊ ፍፃመ ብዘጎሃሃሮም ፍፃመታት ፍትሒ፣ ሰላምን ዲሞክራሲን ዝረኸቡ ህዝብታት ዓለም ክውሕዝሉ ዝግባእ መቀይሮ ነጥቢ ዝኾነ ቃልሲ ነፃነት ጎቦታት ዓድዋ ተፅኒዖምን ለሚዖምን ንተመራመርትን ንጎብነይትን ሰሕብቲ ዝኾኑ ነቲ ፍፃመ ዘቅፅሉ ብርክት ዝበሉ ትካላት ክሕነፁ ይግባእ። ኣብ ተረኽ ፍፃመ እቲ ኲናት ዝረኣዩ ህፀፃት ብምእራም

ትኽክለኛ ግደ ህዝብታት ኢትዮጵያ ትግራይን ብምስናድ እዚ በዓል ንደገ ዘለዎ ትርጉም ከምዘሎ ኮይኑ፤ ንውሽጣዊ ሓድነት ልምዓትን ድሉይ ትኹረት ሂብና ክንሰርሐሉ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ይላቦ። ክብርትታት ዓድዋ ንቀፃሊ ፍልፍል ሓድነትናን ፍቅርናን ሰንያትናን ‘ምበር ፍልፍል ጎፅናን ፍልልይናን ከይኸውን ብዝግባእ መንገዲ ክንዕቅቦ ይግበኣና ኢሎም ‘ዮም።

ቀዲሞም ቃል ዝተኣተው ናብ ተግባር ዘይወዓሉ ፓን ኣፍርካን ዩኒቨርስቲ ሓዊሱ ብዙሓት መፅብዓታት ደጊሞም ክርኣዩን፤ ታሪኻዊ ፍፅመታት ዝኾኑ ክረኽቡ ዝግባእ ረብሓ ንክርክብ ክንሰርሕ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ፃዊዒቱ የቅርብ ኢሎም። ንተወሳኺ ክብርታት በዓል ዓድዋ ዓቂብና ሰላምና ዝበለፀ ንክሰፍን ሓድነትና ዝያዳ ክሰጥም ሞራልና ክብርኽ ህልው ፀገማትን ዓፀባታትን ህዝብና ብእዋኑ ብልዑል ትኹረት ክንፈትሕ ጥንኩር ሓድነት የድልየና። ናይ ማዕዶ ሙቁማት ገዲፍና ኣብ ናይ ባዕልና ዋኒን ሸኺልና ህልው ዓቅምታት ወዲብና ፈተናታትና ናብ ረብሓ ቀይርና ብግዜ የለን ክንሰርሕ ይግብኣና ክብሉ ገሊፆም።

# ዞባዊ ሃፍቲ ብሓባር ንምጥቃም ዝገበር ፃዕሪ

በሪሁ ኣረጋ

ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብታ ሓባራዊ ርክብ ንምምዕባልን መትከል ሂብካ ምቕባል ጋህዲ ንምግባርን ሰፊሕ ዕድላት ኣለዋ። ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ሃፍትታት ብሓባር ምጥቃም ሓቢርካ ንምብልፃግ ከምኡ ‘ውን ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ፀገማት ብምፍታሕ ዞባዊ ምትእስሳር ንምዕባይ ዝህልዎ ግደ ዝለዓለ ‘ዩ።



ኣደምካሚል(ረ/ፕ/ር)



ኣንተሁነኝ ብርሃኑ

ምድረ ቐዳሞት ምኳና፣ ዘለዋ ታሪኽን ቕርስን፣ ፅኑዕ ዲፕሎማሲያዊ ቅዋም፣ ጂኦ-ፖለቲካል ኣቀማምጣ፣ ኣብቲ ዞባ ዘለዋ ፅዕንቶ ፈጣራይነት፣ ምስ ጎረባብታ ዘተኣሳስሩዋ ማሕበራዊ መስተጋብራት ከምኡ ‘ውን ንሃገራት ኣፍሪካ ዘበርከተቶ ናፅነት ኣብቲ ዞባ ሃፍትታት ብሓባር ናይ ምጥቃም ዕድል ዘስፍሑ ጉዳያት ‘ዮም።

ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብ 22 ታሕሳስ 2016 ዓ.ም ምስ ሶማሊላንድ ዝተፈራረመቶ መረዳድኢ ሰነድ ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ ሃፍትታት ብፍትሓውነት ንምጥቃምን ንሂብካ ምቕባል መትከል ዝገበረን ምኳኑ ኣፍሊጣ ‘ያ። ኾይኑ ግና ካብ ሓባራዊ ተጠቃምነት ንላዕሊ ናይ ባዕሎም ረብሓ ጥራሕ ኣብ ውሽጢ ግምት ዘእትዉ ኣካላት ብናይ ባዕሎም መገዲ ትርጉም እናሃብዎ ይርከቡ።

ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ንዘለዋ ምትእስሳር ብርክብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ብዝበለፀ ብምዕባይ ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብ ክትጥቀመሉ ይግባእ ክብሉ ‘ውን ምሁራን ይዛረቡ።

ምስ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ፃንሒት ዝገበሩ ሓጋዚ ፕሮፌሰር ኣደም ካሚል፤ ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዘተኣሳስሩዋ ጉዳያት ብርክብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ብምዕባይ ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብ ክትጥቀም ትኽእል ‘ያ ይብሉ።

ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብታ ዘተኣሳስሩዋ 13 ነጥብታት ኣለዉዋ ዝብሉ እቶም ሓጋዚ ፕሮፌሰር፤ ዝቐደመ ስልጣነ፣ ኣብ መንጎ ህዝብታት ዝካፈልዎም ብርክት ዝበሉ ማሕበራዊ መስተጋብራት፣ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝነበሩ ዲፕሎማሲያዊ ርክባት፣ ጂኦግራፊካል ኣቀማምጣ ከምኡ ‘ውን ቕርስን ታሪኽን ካብ መንጎ እቶም ዝለዓሉ ነጥብታት ተጠቀስቲ ምኳኖም የብርሁ።

ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዘሎ ተፈጥሮኣውን ሰብ ሰራሕን ነጥብታት ጉርብትና ነቒስካ ምውፃእን ምፍላጥን ግቡእ ከምዝኾነ ሓጋዚ ፕሮፌሰር ኣደም ምኽሪ ሓሳቦም የቕርቡ።

ኢትዮጵያ ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ ሃፍትታት ብሓባር ንምጥቃም ትገብሮ ፃዕሪ ከም መለዓዓሊ ባእሲ ምሕሳቡ ናተይ ጥራሕ ካብ ዝብል ስስዕና ዝመፅእ ‘ምበር እቲ ስምምዕነት ነቲ ዞባ ዝበለፀ ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳር ዝፈጥር ‘ዩ በሃላይ ‘ዮም።

ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኽ ንሓድነትን ናፅነትን ኣፍሪካ ዘበርከተቶ ኣበርክቶ ከምኡ ‘ውን ኣብ መድረኽ ዓለም ክትፈጥሮ ዝኽኣለት ፅዕንቶ ከም ፅቡቕ ኣጋጣሚ ምጥቃም የድሊ ክብሉ ‘ውን የረድኡ።

ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ካብ ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ርክብ ብተወሳኺ ብባህሊ፣ ብቋንቋ፣ እሴት ከምኡ ‘ውን ብኣነባብራ ጥንኩር ርክብ ኣለዋ ዝበሉ ድማ ኣብ ዩኒቨርስቲ እንጅባራ መምህር ሶሺዮሎጂ ኣንተሁነኝ ብርሃኑ ‘ዮም።

ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብታ ፍልጠት፣ ልምዲ፣ ተመኩሮን ሃፍትን ብሓባር ንምጥቃም ዘኽእል ተፈጥሮኣዊ ርክብ ኣለዋ ዝብሉ እቶም መምህር፤ መፅናዕቲ ማሕበረሰብ ካብ ዘርእዮም ብርክት ዝበሉ ጉዳያት ብተወሳኺ እቲ ንብዙሓት ዓመታት ዝፀንሐ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎ ፅቡቕ ርክብ ዘይርሳዕ ምኳኑ የረድኡ።

ከም ገለፃ መምህር ኣንተሁነኝ፤ ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ትካፈሎም ባህሊ፣ እሴት፣ ልምዲ፣ ታሪኽ፣ ቋንቋ ከምኡ ጂኦ-ፖለቲካል ኣቀማምጣ ኣብቲ ዞባ ዘለዉ ሃፍትታት ብሓባር ንምጥቃም ዘኽእሉ ‘ዮም።

ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ኣፈላላይ ዝጥምቱ ጉዳያት የለዉን ዝብሉ እቶም መምህር፤ ካብ ፖለቲካዊ ርክብ ብተወሳኺ ርክብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ምዕባይ ከምዝግባእ ይመኽሩ።

እቶም ምሁራን ከምዘመላኽትዎ፤ ፅቡቕ ርክብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ብዝበለፀ ንምዕባይ መድረኻት ልውውጥ ባህሊ፣ ቋንቋን ልምድን ምስፍሕፋሕ ይግባእ፤ ንማሕበረሰብ እቲ ዞባ ብቐሊሉ ብምርኻብ ሓባራዊ ተጠቃምነት ኢትዮጵያን ጎረባብታን ንምዕባይ ንዝግበር ፃዕሪ የጠናኽር።



# ስፖርት



## ሓደሽቲ ኾኾባት ኢትዮጵያውያን ዝደመቁሉ ውድድር ሻምፒዮና ውሽጢ ገዛ ዓለም

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣብ ስኮትላንድ ግላስጎው ንሰለስተ መዓልትታት ክካየድ ዘፀንሐ መበል 19 ውድድር ሻምፒዮና ኣትሌቲክስ ውሽጢ ገዛ ዓለም ኢትዮጵያ ብዘይተለመደ ሓዱሽ ርሕቀት ሜዳሊያ ወርቂ ብምምዝጋብ ዛዚማ።ብደቂ ኣንስትዮ ብ1500 ሜትር ፍረወይኒ ሃይሉ ሜዳሊያ ወርቂ ከምኡ 'ውን ብ800 ሜትር መንእሰይ ኣትሌት ፅጌ ድጉማ ወርቂ ኣመዝጊበን 'የን፡፡

ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ቤልግሬድ ብ800 ሜትር ወናኒት ሜዳሊያ ብሪ ዝነብረት ፍረወይኒ ሃይሉ ብ 1500 ሜትሮ ሜዳልያ ወርቂ ንኢትዮጵያ ክተመዝግብ ክኢላ 'ያ። ነዚ ውድድር ብዘተኣማምን ብቅዓት ኾኾብ ምኺና ኣመስኪራ 'ውን 'ያ።ኣብ ውድድር ገዛ ውሽጢ ሌቪንን ቱሪንን ተዓዋቲት ዝነብረት ጓል 23 ዓመታ ኣትሌት ነዚ ሻምፒዮና ርሕቀት ንምዝዛም 4:01.46 ዝኾነ ሰዓት ወሲዳላ 'ዩ።ምዕዋታ ተኸታቲሉ ከምዝገልፀቶ ‹‹እዚ ውፅኢት ነዓይ በጣዕሚ ፅቡቅ ዝብሃል 'ዩ።ነዚ ዘብቅዓኒ ድማ ኣብ ጉጅለ ስልጠናና ውሽጢ ብምትሕግጋዝ ምስራሕና 'ዩ። ጠንኪርና ብምስራሕና ንውፅኢት ኣብቂዑኒ 'ዩ። ኣብ ቀፃላይ ድማ ንኦሊምፒክ ካብዚ ብዝሐሸ ጠንኪርና ክንሰርሕ ኢና ›› ክትብል ኣብሪሃ 'ያ።

ኢትዮጵያ ሻምፒዮና ኣትሌቲክስ ውሽጢ ገዛ ዓለም ብ800 ሜትር ውድድር ብሕታዊ ዓወት ታሪኽ ብመሓመድ ኣማን ዝተፅሓፈ ነይሩ 'ዩ።መሓመድ ኣማን ኣብ 2013 ሻምፒዮና ዓለም ኢስታምቡልን ኣብ ሶፖት ውድድር ውሽጢ ገዛ ዓለም ውስጥ ብተኸታታሊ ምስተዓወተ ነዓመታት እዚ ታሪኽ ዝሰርሕ ኣትሌት ክይተረኽበ ፀኒሑ 'ዩ።ኣብናይ ሎሚ ሻምፒዮና ግና ኣብ ኣደናቂ ብቅዓት ዘትርከበ መንእሰይ ኣትሌት ፅጌ ድጉማ ኣብቲ ርሕቀት ካሊእቲ ዓወት ክተመዝግብ ክኢላ 'ያ።





**ኣትሌት ፍረወይኒ ሃይሉ ብ1500 ሜትሮ ፅጌ ድጉማ ድማ ብ800 ሜትሮ ናይ ወርቂ ሜዳሊያ ኣብ ዝተዓወታሉ እዋን**

እዛ ሓዳሽ ኾኾብ ኣትሌት ነቲ ውድድር ተቆፅፂራ ብምጉያይ ናይ መወዳእታ ዙር ምስ በፅሐት ብሓይሊ ብምጉያይ ካብ 'ተን ካልኦት ጎየይቲ ኣፈላላይ ብምፍጣር ተዓዋቲት ክትኾን ክኢላ 'ያ።ጓል 23 ዓመት ዝኾነት ኣትሌት ካብ ክልል ቤኒሻንጉል ጉምዝ ዝተረኸበት እንትትኾን፤ ካብ ፍርያት ማዕኸል መሰልጠኒ ኣትሌት ጥሩነሽ ዲባባ ከምዝኾነትን፤ ኣብዚ እዋን ንክለብ ኣትሌቲክስ ንግዲ ባንኪ እናጎየየት ዝትርከብ ኮይና ኣብ ዝተፈላለዩ ዓለምለኸ ውድድራት ብምስታፍ ተስፋ እናርአየት እትርከብ መንእሰይ 'ያ።

ኣብዚ ውድድር ዓመት ናይ መጀመሪያ ውድድራ ኣብ በልጂየም ገይራ ብዓወት ዘጠናቀቀት ኮይና፤ ኣብ ውድድር ዓለም ውሽጢ ገዛ ቤልግሬድ ድማ 1ደቂቃ ከ59 ሰከንድ ምስ 66 ማይክሮ ሰከንድን ዝኾነ ቅልጣፈ ሰዓት ብምእታው ተዓዋቲት ከምዝነበረት ዝዝከር 'ዩ።

እታ ኣትሌት ኣብ 2017 ኣ.ፈ ብኣዳላውነት ኣልጀሪያ ኣብ ዝተኻየደ ትሕቲ 20 ዓመት ሻምፕዮና ኣትሌቲክስ ኣፍሪካ ብ200 ሜትር ሜዳሊያ ብሪ ክተዕውት ክኢላ ነይራ 'ያ።ብ 400 ሜትር ድማ ብተኸታታሊ ካብ 2019 ክሳብ 2022 ኣብ ሻምፕዮና ኢትዮጵያ ወናኒ ሜዳሊያ ኮይና ነይራ 'ያ።ኣብ ነዊሕ ርሕቀት ኣትሌቲክስ ኣብ ኢትዮጵያ ኣትሌቲክስ ካብ ዝምስረት ኣዲሳ እንቁ ሓዱሽ ነገር ምምዝጋባ ቀፂላ 'ያ፡፡

ልዕል ኢላ ኣብ ዝተረአየትሉ ኣብ ውድድር ዓለም ሻምፕዮና 'ውን ነቲ ርሕቀት ብ2:01.90 ብዝኾነ ሰዓት ብምዝዛም ኣብቲ ሻምፕዮና ካልኣይ ወርቂ ንኢትዮጵያ ኣርኪባ 'ያ።ድሕሪ እቲ ውድድር ምስ ኣትሌቲክስ ዓለም ኣብ ዝነበራ ፃንሒት ‹‹እቲ ውድድር ክንድምንታይ መሐጎሲ ከምዝነብረ ዝገልፀሉ ቃላት የፅግመኒ 'ዩ ኢላ 'ያ።ኣብዚ ዝተጠቀምኩሉ ንምጉያይ ስልቲ ንቅድሚት ንክኸይድ ብምግባር ተዓዋቲት ክኸውን ገይሩኒ 'ዩ።ናብዚ ውድድር እንትመፅእ ከምዘሸንፍ 'ውን ይስምዓኒ ነይሩ 'ዩ። ምኽንያቱም ጥንኩር ምድላዋት እናገበርኩ 'የ ነይረ። ድሕሪ ሐዚ ሙሉእ ትኹረተይ ናብ ኦለምፒክ 'ዩ፤ ሜዳሊያ ወርቂ ደጊመ ናብ ሃገረይ ክወስድ ይደሊ 'የ ›› ብምባል ተዛሪባ 'ያ።

ዝተረፉ ሜዳሊያታት ድማ ብክልቲኡ ፆታታት ኣብ 3ሽሕ ሜትር ዝተረኸቡ እንትኾኑ፤ ኣብቲ ርሕቐት ብጣዕሚ ትፅቢት ክግበረላ ዝፀንሐት ኣትሌት ጉዳፍ ፀጋይ ሜዳሊያ ብሪ ኣመዝጊባ 'ያ።ጥንኩር ንሕንሕ ዝተረኣየሉ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ ክሳብ ናይቲ ውድድር ናይ መወዳእታ ሜትራት ብዝነበረ ከቢድ ንሕንሕ ሜዳሊያ ብሪ ንሕንጢጥ ካብ ኢድ ሰለሞን ባረጋ ክትወፅእ ክኢላ 'ያ። በዚ'ውን ብሓፈሻ ኢትዮጵያ ኣርባዕተ ሜዳሊያታት ብምርካብ ኣብቲ ደረጃ ሰንጠረዡ ካብ ኣፍሪካ ቀዳመይቲ ካብ ዓለም ድማ ሓምሸይቲ ደረጃ ብምሓዝ ፈፂማ 'ያ።

ኢትዮጵያ ኣብቲ ሻምፒዮና ብ800 ሜትሮ፣ብ1500 ሜትሮን ብ3000 ሜትሮ ብ8 ደቂ ኣነስትዮን ብ5 ደቂ ተባዕትዮን በድምር 13 ኣትሌታት ብምሓዝ'ያ ተሳቲፋ፡፡እቲ ልኡኽ ናብ ሃገሩ ዝተመለሰ እንትኾን ኣቀባብላውን ተገይርሉ ኣሎ፡፡ሜዳልያ ወርቂ ንዝረኸቡ ብር 40 ሽሕ፤ብሩር ንዝረኸቡ ብር 25 ሽሕ ከምኡ'ውን ነሓስ ንዝረኸቡ ብር 15 ሽሕ ሽልማት ተበርኪቲሎም ኣሎ፡፡

## ንዓወት ዓድዋ ዘድመቑ ጥበባት

**በሪሁ ኣረጋ**

ስነ-ጥበብ ነፀብራቕ ሓቃዊ ዓለም ብምዃኑ ስራሕቲ ስነ-ጥበብ ህዝብታት ሓንቲ ሃገር ገለፅቲ እንታይነት እታ ሃገር 'ዮም። ሓያላን ዝበሃላ ሃገራት ብመብዛሕቲኡ ልዕልነተን ዝረኸብኦ ብናይ ስነ-ጥበብ ስራሕተን ኣቢለን ዓርሰን ክገልፃ ብምኽኣለን 'ዩ። ንኣብነት ኣሜሪካን ህንድን ነድንቐን፤ ናብ ኣሜሪካ ወይ ድማ ህንዲ ስለዝኸድና ኣይኮነን፤ ባህልን ታሪኽን እተን ሃገራት ኣብኡ ብምንባር ፈሊጥና ኣይኮንናን፤ ብናይ ስነ-ጥበብ ስራሕትን (ብፍላይ ብፊልምታተን) 'ዩ።

ናብ ኢትዮጵያ እንትንመፅእ፤ መብዛሕቲኦም ማሕበራዊ ርክባትና ብስነ-ጥበብ 'ዮም ዝግለፁ፤ ደርፊ፣ ፍከራ፣ ቐረርቶ....ወዘተ መግለፂ እዚ ሓቂ 'ዮም። ንሎማዓንቲ ግና ንመበል 128 ዓመት በዓል ዓወት ዓድዋ ምኽንያት ብምግባር ነቲ በዓል ዝገልፁ ስራሕቲ ጥበብ ንመልከት።

ኢትዮጵያ ተሓፊራን ተኸቢራን ዝነበረት ሃገር ምዃና ዓለም ይፈልጥ 'ዩ። ካብቶም መግለፅታት ጅግንነት እቲ ሓደ ድማ ዓወት ዓድዋ 'ዩ። ብርግፅ ንጅግንነት ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተቐባበሉ ካብ ዝመፁ ትውፊታት ምርዳእ ንኽእል ኢና። እዚ ቅድሚ ዓድዋ ኾነ ድሕሪ ዓድዋ ዝነበረን ዘሎን መግለፂ ኢትዮጵያዊነት 'ዩ፡፡

ንዓወት ዓድዋ ዝገልፁ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ስነ-ጥበብ ኣለዉ። ናይ መድረኽ ተዋስኦታት፣ ፊልምታት ኣለዉ። ብኣብዝሓ ግና ኣፋዊ ግጥምታትን ግጥምታት መድብልን 'ዮም። እቶም ንዓድዋ ዝገልፁ ስራሕቲ ስነ-ጥበብ ኣብ እዋን ኵናት ዓድዋን ድሕሪ እቲ ኵናትን ኩርዓት ንምግላፅ ዝተደርደሩ 'ዮም።

ሓደ ሓዲኦም ኣብ ግዜ እቲ ኵናት ኣብቲ ኵናት ዝተሳተፉ ዝገጠምዎም 'ዮም፤ እቶም ሓደ ሓደ ድማ ኣብቲ እዋን ኵናት ህዝቢ ንሓርበኛታት ንምብርትታዕን ስምዒት ሓጎሱ ንምግላፅን ዝገጠሞም 'ዮም። ኻልኦቶም ድማ ውሩያት ድምፃውያን ንዓወት ዓድዋ ንምውዳስ ዝደረፍዎም 'ዮም።

ኣብ ኵናት ዓድዋ ዝለዓለ ግደ ዝነበሮም ጀጋኑ ተወዲሶም 'ዮም። ነቶም ጀጋኑ ብምውዳስ ንኻልኦት ጀጋኑ ተወሳኺ ሞራል ምሃብ ተኻኢሉ። ካብዚኣቶም እቶም ሓደ 'ውን ኣሉላ ኣባ ነጋ 'ዮም። ራእሲ ኣሉላ ኣባ ነጋ ብርክት ዝበሉ ገድልታት ኵናት ኣለዉዎም። ኣብ ኩፊት፣ ዶግዓሊ፣ጉንደት፣ ጉርዓ፣ ሰሓጢ፣ መተማን ዓድዋን ምስ ወረርቲ ተዋጊኦም ዘንፀባርቑ ዓወታት ዘመዝገቡ 'ዮም። በዚ ጅግንነቶም ድማ ኸምዚ ተባሂሉሎም።

ጣልያን ኣብ ሰሓጢ እግሩም ምስዘርግሕዎ
ኣሉላ ኣባ ነጋ ከም ስገም ቖሊዉዎ

እዛ ግጥሚ እዚኣ ዓድዋ ብዝመፅአ ቑፅሪ በቢ መድረኹን መራኸቢ ሓፋሹን ትደጋገም 'ምበር ብዛዕባ ኣሉላ ኣባ ነጋ ኻልኦት ግጥምታት ውዳሰ ኣለዉ።

እቶም ኻልእ ጅግና ድማ ፊታውራሪ ገበየሁ 'ዮም። ፊታውራሪ ገበየሁ ኣብ ማእኸል ኵናት እናኣትዉ ዝፍክሩ 'ዮም ነይሮም። በዚ ጅግንነቶም ንጣልያን እናርዐድዎ ስለዝነበሩ ኸምዚ ተባሂሉሎም።

ስላሴ ዓድዋ ንፀላኢ ኣሕሲርዎ
ገበየሁ ብሞተይ እተው 'ሞ ቐድሶ!

በዓል ዓድዋ ብዝመፅአ ቑፅሪ ዝዝከሩ ኻልኦት ግጥምታት ድማ ንባዕሎም ንንጉስ ሃፀይ ሚኒሊክ ዝገልፁ 'ዮም።

ሚኒሊክ ተወሊዱ እንተዘየልዕል ጋሻ
ግብሩ እንቋቑሖ 'ዩ ነይሩ ሕዚ ሓበሻ

ሕዚ ድማ ብቓል ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተቐባበሉ ካብ ዝመፅኡ ንውፃእ 'ሞ ናብ ኻልኦት ስራሕቲ ንኺድ። እዚኣቶም ወነንቲ ዘለዉዎም 'ዮም። ብታሪኽ ዓድዋ ውሽጦም ብሓጎስ ዝተመልአ ከየንቲ ዝሰርሕዎም 'ዮም። ገጣምያንን ድምፃውያንን ማለት 'ዩ። ካብዚኣቶም ውሽጢ በዓል ዓድዋ ብዝመፅአ ቁፅሪ ኹላትና ልክዕ ከም ዓድዋ ንፈልጣ ድምፃዊት እጅጋየሁ ሽባባው (ጂጂ) 'ያ።

ጂጂ ብዛዕባ ዓወት ዓድዋ ዝደረፈቶ ደርፊ ሕድሕድ ብርኩ ዝትንተን 'ዩ። ዓሚቕ መልእኽቲ ዘለዎ 'ዩ። "እንታይ ማለት ይኸውን?" ኢልና እንትንሓስብ እናሓደረ ግልፂ እናኾነልና ዝኸይድ መሳጢ መልእኽቲ ዘለዎ 'ዩ። እስኪ ካብቶም ብርክታት ግጥሚ ውሽጢ "ሰብ ሞይቱ ሰብ ከድሕን" ዝብል ንውሰድ። ሓደ ጅግና ናብ ሜዳ ኵናት እንትኸይድ ኣይሞትን ኢሉ ኣይኮነን። ዝኸይድ ወገኑ ንምድሓን 'ዩ። ዓርሱ ሞይቱ ኻልእ ንምድሓን ማለት 'ዩ።

> **መብዛሕቲኦም ማሕበራዊ ርክባትና ብስነ-ጥበብ ”ዮም ዝግለፁ፤ ደርፊ፣ ፍከራ፣ ቐረርቶ.... ወዘተ መግለፂ እዚ ሓቂ ”ዮም**

## መኣዲ ጥበብ

ሰብ ሞይቱ ሰብ ከድሕን
ሰብ ከኽብር
ብድሕንነት ብፍቕሪ ብኽብሪ ተፀዊዑ
ብኽብሪ ይኸይድ ሰብ ክነብር ሰብ ሞይቱ
ዝተውሃበኒ ህይወት ሎሚ ብነፃነት
ሰብ ተኸፊሊሉ 'ዩ ካብ ደምን ኣዕፅምትን
ዓድዋ ሎሚ 'ያ ዓድዋ ትማሊ
መዓስ ዶ ተላዒሎም 'ዮ እቶም ዝወደቑ

" ሰብ ተኸፊሊሉ 'ዩ ካብ ደምን ኣዕፅምትን" እወ! እዚ ዓወት ዓድዋ ዝተረኸበ ብልመና ወይ ድማ ተዓዲጉ ኣይኮነን። ብህይወት ሰብ 'ዩ ተረኺቡ፤ ኣዕፅምቲ ብዙሓት ደቒቑሉን ደም ፈሲሱሉን 'ዩ ተረኺቡ። እዚ ታሪኽ ዓወት ሎምን ፅባሕን ክዝከር 'ዩ፤ ውዕለታ ጀጋኑና 'ዩ 'ሞ! መዓስ ተሲኦም 'ሞ ክንገድፎ?

እዞም ተፈተውቲ ኣርቲስትታት ብዘመን ተሳገርቲ ስራሕቶም ጀጋኑና ንኸይርስዕ ገይሮም 'ዮም። ተሾመ ኣሰግድ 'ውን "እንዲያው ዘራፌዋ"፣ ራሄል ዮሃንስ "ሚኒሊክ"፣ ገነት ማስረሻ "ኣንኮበር" ብዝብል ዜማታቶም ንጀጋኑና ይዝክሩ።፡

እቴጌ ጣይቱ ጅግንነት ምስ ብልሓት ዝሓዛ 'የን። ኣብ ግዜ ኵናት ቁጥዐን ቕልጣፈን ጥራሕ ከምዘየዋፅእ፤ እኳ ደኣስ ብልሓት ክህልው ክህልው ከምዘለዎ ኣርእየን 'የን። በዚ ንብልሓትን ጅግንነትን እቴጌ ጣይቱ ዝገልፅ ብርኪ ግጥሚ ቴዎድሮስ ካሳሁን (ቴዲ ኣፍሮ) ንሰነባበት። ክብሪ ንጀጋኑና!!

ንህቢ ቆፎ እንትቑጣዕ ስምዒት
ኣብ ቕድሚት ኾይና መሪሓቶ ንግስት!

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ